# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.66 | ሓሙስ 16 ሕዳር 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና


ገጽ 3
"ዘምሃረና ህዝብን መንግስትን ብተወፋይነት . . .




ገጽ 4
ኣረዪ ጥበብ



ገጽ 5
'ኣዳል' እዩ እምባኣን!



ገጽ 7
"ንሽቶ ጎርደን ዘጽደቐ ቫር ቅኑዕ እዩ ነይሩ" ሃዋርድ ወብ





## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናይ ስዑድያ ዑደቱ ዛዚሙ ተመሊሱ




ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ካብ 9 ሕዳር ኣብ ስዑድያ ዝገበሮ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ትማሊ ሰዓት 12፡00 ፍርቂ መዓልቲ ኣስመራ ኣትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ከተማ ሪያድ ኣብ ዝጸንሓለን መዓልትታት፡ "ወጽኢታዊ ሽርክነት" ብዝብል ቴማ ብ10 ሕዳር ኣብ ዝተቓንዐ ቀዳማይ ዋዕላ መራሕቲ ስዑድያን ኣፍሪቃን ኣብ ርእሲ ምስታፉ፡ ምስ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ርክባት ኣካዪዱ።

ምስ ወራሲ ዓራት ንግስነት ስዑዲ ዓረብ መሓመድ ቢን ሳልማን፡ ፕረዚደንት ግብጺ ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ፕረዚደንት ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ፕረዚደንት ደቡብ ሱዳን ሳልቫኪር ማያርዲት፡ ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን - ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ሓበራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን ዘትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ፕረዚደንት ጋና፡ ፕረዚደንት ቡሩንዲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኒጀር፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ሪፓብሊክ ማሊ፡ ኣፈኛ መሰጋገሪ ሃገራዊ ባይቶ ቡርኪናፋሶ፡ ከምኡ'ውን ምስ ሚኒስተር ኣብባ፡ ማይን ሕርሻን ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኢንጂነር ዓብዱራሕማን ኣልፈድሊ ተመሳሳሊ ርክባት ኣካዪዱ።

ብዘወሰኸ፡ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ስዑድያን መጻኢ ኣመታቱን፡ ኣብ ዝምድና ስዑድያን ኣህጉር ኣፍሪቃን፡ ኣብ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ፈላሚ ዋዕላ ስዑድያን ኣፍሪቃን ኣብ ምድንፋዕ ዝምድናታትን ሽርክነትን - ምስ ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ስዑድያ ቃለ-መሕትት ኣካዪዱ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት፡ ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ-ሳልሕ፡ ከምኡ'ውን ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ - ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ሓቢሮም ተጓዒዞም ነይሮም።

## ኣብ መንደፈራ፡ እምኒ-ሓይልን ተሰነይን ናይ ናውቲ ትምህርቲ ሓገዝ ተገይሩ

ኣብዩተጽሕፈት ሰዖን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ እምኒ-ሓይልን ተሰነይን፡ ንጽጉማት ተመሃሮ ናይ ናውቲ ትምህርቲ ሓገዝ ገይረን።

እቲ ናውቲ ትምህርቲ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ን150 ተመሃሮ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ን381 ተመሃሮ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ድማ - ን166 ተመሃሮ ዝተዓደለ እዩ።

እቲ ዕላማ ቁልዑ ብሰንኪ ቁጠባዊ ጸገም ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይፍለዩ ምግባሩ ዝሓብሩ ሓለፍቲ ኣብዩተጽሕፈት ሰዖን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ሰለስቲኡ ንኡሳን ዞባታት፡ ተመሃሮን ወለዲን ኣብ ትምህርቲ ዕቱብ ክኾኑን ምኽትታል ምምሕዳራት ከባቢ ክዓዝዝን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ብዘወሰኸ፡ 19 ጽጉማት መንእሰያት ብየውድታት ምምራሕ መኪና ማእለያን ምንጻፍ ማቶሳን ደሰልጥኑ ከምዝሓለው ተገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ እውን ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ንሓልኣት ጽጉማት ዜጋታት - ናይ ኣልባሳት ሓገዝ ተገይሩ ምንባሩ ተሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ድማ፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቶም ንምዝዛም ሳዋ ንዝወረዱ ደቂ ሰወኣት፡ ንነፍሲ-ወከፎም 2000 ናቕፋ ተወሲኺ ሓገዝ ከምዝተገብረ ተገሊጹ።

## ኣስመራ - ኣብ 'ባህላዊ ውርሻን መንነትን' ሰሚናር ተዋሂቡ

ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብምትሕብባር ዘወደብዎ፡ ኣብ 'ባህላዊ ውርሻን መንነትን' ዘተኮረ ሰሚናር - ትማሊ 15 ሕዳር ንሰራሕተኛታት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ተዋሂቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ንቕሓት መሰረት ናይ ኩሉ'ቲ ክበጽሕ ዝደለ ሸቶ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ሰሚናር ኣካል ናይ'ቲ ንቕሓት ኣብ ምብራኽ፡ ብቑዕን ኣድማዕን ዕዮ ንምስልሳል ዝተዳለወ ጻዕሪ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነ-ጥንታዊ ውርሻ ዶ/ር ጸጋይ መድን ደማ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ንኣገዳስነት ሕልፍ ጉዕዞን ታሪኽን ብምግንዛብ፡ ውሑስ መጻኢ ንምርግጋጽ ንቑሕ ተሳትፎ ክህልዎ መድረኽ ዝጠልቦ ጉዳይ ምዃኑ ብምዝኽኻር - ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብን ምህናጽን መንነትን ሃገራዊ ክብሪታትን ብዘወፋይነት ክዋሳእ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ እዋናውነት ናይ'ቲ ሰሚናር ብምጥቃስ፡ ቀጻልነት ክህልዎን ንመንእሰያት ተመሃሮ ብተመሳሳሊ ክወሃብን ኣዘኻኺሮም።





ዜና

# ኣብያተ-ትምህርቲ ሓላይን ሓርበኛታትን ተመሃሮ ሸሊመን



ኣብ ዞባ ማእከል - ኣብያተ-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሓላይን ማእከላይ ደረጃ ሓርበኛታትን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ካብርም ተመሃሮአን ሸሊመን።

ብ11ን 12ን ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ሰሩ ስርዓት፡ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሓላይ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 12 ክፍሊ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ 92 ኣብላት 35 ዝርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ቤት-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ሓርበኛታት ድማ ኣብ ጀነራል 90ን ልዕሊኡን ዝምጽኡ 26 ተመሃሮ - ብጠቕላላ 118 ተመሃሮ ኸሸልማት ኣበርክተን።

ርእሰ-መማህራን ናይ'ተን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተገብረ ንብሉጻት ተመሃሮ ናይ ምትብባዕ መደብ ኣብ'ዚም ዝሰየቡ ድርኺትን ቅዱስ ቅንእን ከምዝፈጠረ ብምጥቃስ፡ ተሸለምቲ ኣብ ዝመጽእ እውን ብቐዓቶም ክቕጽልዎ፣ ወለዲ ድማ ከተባብዕዎም ተላብዮም።

ሓለፍቲ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ዓቕምን ብቕዓትን ተመሃሮ ንምምሕያሽ ዝፀደ ዘሎ ጻዕሪ በበዓመቱ ኣብ ባይታ ዘተባብዕ ወጽኢት የርኢ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ጻዕሪ ተሸለምትን ተራ ወለድን ከፀዝዘ ኣዘኻኺሮም።

# ኣብ ትሸዓተ ኣዋርሕ ልዕሊ 10 ሽሕ ከረጺት ደም ተለጊሱ

ኣብ ቀዳሞት ትሸዓተ ኣዋርሕ ናይ 2023 ልዕሊ 10,000 ከረጺት ደም ከምእተለገሰ፡ ሜዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ባንክ ደም ዶ/ር የውሃንስ ተኸስተ ሓቢሩ።

ተታሒዙ ዝጸበረ ወጥን 9,000 ከረጺት ንምእካብ ከምዝነበረ ዝጠቐሰ ዶ/ር የውሃንስ፡ ምስ ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ብምትሕብባር ብዝተኻየደ ጻዕሪ ግን፡ 10,144 ከረጺት ደም ከምእተኣከበ ገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ ናይ 2022 ኣስታት 74 ሚእታዊት ጠለብ ውሑስ ደም ሆስፒታላት ሃገርና - ካብ ሃገራዊ ባንክ ደም ክማላእ እንከሎ፣ ኣብ ሳልሳይ ርብዒ 2023 ናብ 80 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ዶ/ር የውሃንስ ኣረዲኡ።

እቲ ዝልገስ ደም ብቕዓቱን ውሕስነቱን ክረጋገጽ - ዝተፈላለየ መርመራታት ስለዝካየደሉ ድማ፡ ኣብ'ቲ ልዕሊ 10 ሽሕ ከረጺት ብዝተኻየደ መርመራታት፡ 0.09 ሚእታዊት ኤች.ኣይ.ቪ፣ 0.1 ሚእታዊት ወይቦ ዓይነት 'C'፣ 0.4 ሚእታዊት ወይቦ ዓይነት 'B'፣ 0.09 ሚእታዊት ፍንጣጣ - ከምእተረኽቦ ኣብሪሁ።

ዶ/ር የውሃንስ፡ ሃገራዊ ባንክ ደም ብዝካየደሉ ቀጻሊ ውሽጣዊ ኦዲት፡ ብቕዓት ትሕዝቶኡ ዓለም-ለኻዊ ተፈላጥነት ከምዝለዎ ድሕሪ ምሕባር፡ ቁጽሪ ሰሩዓት ወለንታውያን ለገስቲ ክብ ንምባል ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ገሊጹ።



# ኣብ ኣስማጥ፡ መጠን ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕና ዕብየት ኣርእዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ኣመሓደርቲ ምያውያን ጥዕና፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቖመት ሓይሊ ዕማምን ክልኣት መሻርኽቲ ኣካላትን ብዝካየድዎ ንጥፈታት፡ መጠን ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕና ዘተባብዕ ዕብየት ኣመዝጊቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ በየነ ዑቕባስላሴ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ እናበርከ ብምምጽኡ፡ ኣብ ቀዳሞት ትሸዓተ ኣዋርሕ ናይ 2022 ዝነበረ መጠን ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕና፡ ምስ ናይ ለሚ ዓመት ተመሳሳሊ ኣዋርሕ ክነጻጸር እንከሎ - ብ5 ሚእታዊት ክብ ኢሉ 75 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፣ ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ናይ ዝገብራ ኣደታት መጠን እውን - ናብ 85 ሚእታዊት ከምዝደየበ ገሊጹ።

ለሚ ዓመት ሓዳስ ነቑጣ ጥዕና ኣብ ሽጋሊ ከምእተኸፍተት ዝሓበረ ነርስ በየነ፡ ኣብ ማእከል ጥዕና ኣሰዳን መደበር ጥዕና ኦሮታን ዝነበረ ጸቕጢ ኣብ ምፍኳስ - ሓጋዚ ተራ ትጻወት ከምዘላ ኣረዲኡ።

ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ሸሞንተ ምምሕዳራት ከባቢን 28 ዓድታትን ይጥርንፍ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ      ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ      ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ማእከል - ኣብ ኣከሻሽና ምቁር ድንሽን ገላዕታ በለስን ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ኣከሻሽና ምቁር ድንሽን ገላዕታ በለስን - ንልዕሊ 70 ክኢላታት ዕብየት ናብራ፣ ኣብ ክልተ እብረ ዝተወደበ ስልጠና ተዋሂቡ።

ብ9 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ሓላፊት ኣሃዱ ዕብየት ናብራ ወ/ሮ ጸገወይኒ የዕብዮ፡ እቲ ዕላማ - ሃብታም መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ምቁር ድንሽን ገላዕታ በለስን ኣካል መኣዲ ስድራ-ቤታት ንምግባርዎም ከምዝነበረ ኣረዲኣ።

ኣብ ባህርያት ተኽሊ ምቁር ድንሽ፡ መኣዛዊ ትሕዝቶኡ፡ ኣመጋግብኡን ጥዕናዊ ብልጫታቱን ሞያዊ መግለጺ ዝሃበት ወ/ሮ ጸገወይኒ፡ ሕብረተሰብ ነዚ ብውሑድ ማይ ካብ ንእሽቶ መሬት ምእኩት እቶት ዝሕፈሶ ተኽሊ ብሰፊሑ ክተኣታትዎ መኺራ።

ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ተኸስተ ጉብረገርግስ፡ ሰልጠንቲ ቀሲመናአ ዘለዋ ትምህርቲ - ኣብ ከባቢአን ናብ ዝርከቡ ሓረስቶትን ኣዴታትን ከመሓላልፋ ኣዘኻኺሩ።



# “ዘምሃረና ህዝብን መንግስትን ብተወፋይነት ንምግልጋሉ ድሉዋት ኣሎና” ተመረቕቲ

ዳህላክ ነጋሲ

እዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ ጎሊሑ ዝረኣየሉ መድረኽ እዩ። ደቂ-ሰብ ምስ'ዛ እትሕንብብ ዘላ ዓለም ብማዕረ ንኽስጉሙ፡ ፍልጠትን ሞያን ክዐጥቁ ግዴታ እዩ። እምበኣርከስ፡ ኣብ ጽኑዕ ኣሰኻ ትምህርቲ ዝተሰረተ ቁጠባዊ ኣቀባ ንምርግጋጽ፡ ገዚፍ ብጽሓት ዝሓተተ እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ'ዩ እተን ዝማዕበላ ኣብ



ዶ/ር የማነ ስዩም

ምምዕባል ዝረኸበን ሃገራት፡ ብቑጽሊ ብዙሕ ወጻኢታት እናፍሰሳ ምሁራት ዜጋታት ንምፍራይ ዝጽዕራ ዘለዋ። እቲ ዝተማህረ ዜጋ ከኣ ውሑስ ማሕበረ-ቁጠባዊ ዕቤት ይሃንጽ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዜጋታት ምዕሩይን ብቑዕን ኣገልግሎት ትምህርቲ ንኽረኽቡ፡ ብቑጽሊ ሰፊሕ ወፍርታት የካይድ ኣሎ። ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ከተማታት ጥራይ ተሓጺሩ ከይተረፈ፡ ኣብ ርሑቕ ቦታታት ተበጺሑ'ኳ ንኽህልዎ ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሓሉ ኣሎ። በዚ መሰረት፡ ካብ መላእ ሃገር ዝተዋጽኡ ተማሃሮ፡ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብሓባር ክመሃሩ ንዕዙብ ኣለና። ስለዚ፡ ብትምህርቲ ዝተመልመለ መንእሰይ ምህናጽ መተካእታ ዘይርከቦ ዓቢ ሰብኣዊ ጸጋ ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ኣብ ሹቶ'ዚ ንምውቃዕ ብቐዳምነት ዝሰርሖ ዕማም እዩ።



ዶ/ር ነርጂስ ጃብር

ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ብእተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ከምህሩዎም ንዘጸንሑ ተማሃሮ ኣብ ምዝዛም ዓመተ-ትምህርቲ ጽንብል ስነ-ስርዓት መመረቕታ የካይዳ እየን። ዕለት መመረቕታ ተማሃሮ፡ ወለድን መላእ ሕብረተሰብን ዝሕጎሱላን ተስፋ ዘንብሩላን መዓልቲ እያ። ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ድማ፡ ንዓመታት ዝኣክል ብእተፈላለየ ዓውድታት ትምህርቲ ከምህሮም ዝጸንሐ ተማሃሮኡ፡ ብቕዳም 11 ሕዳር ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ኣመሪቑ። እቲ ንኻልኣይ ግዜኡ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ወለድን ኣብ ዝተረኽብሉ ተፈጺሙ።

ትርጉም ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ዝራሪት ቀብዕ ተመረቕቲ ካብ የማን ናብ ጸጋም ምንቅስቓስ ጥራይ ኣይኮነን። መመረቕታ መንጠሪ ባይታ ንዘበርኽ ትምህርቲ ደኣ'ምበር፡ ሜግፍ ፍልጠት ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ቃና ተመረቕቲ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ድማ ከምዚ ሓቂ'ዚ እዩ ኣቃሊሑ። ፍረ ጻዕሪ ነዊሕ ዓመታት ክርእዩ ዝበቕዑ ወለድን ፈተውትን ተመረቕቲ ድማ ኣመና ተሓጒሶም።

ዲን ናይቲ ኮሌጅ ዶክተር የማነ ስዩም ኣብ ዘስምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ንተመረቕቲ ናብታ ፍረ-ጻዕሮም ዝሓፈሱላ፡ ጻማኦም ዝረኸቡላን ሞያዊ ብቕዓቶም ዘመስከሩላን ክብርቲ ዕለት ‘እንቋዕ ኣብጽሓኩም’ ድሕሪ ምባል፡ ሞያ ሕክምና ብደረጃ ዓለም ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስትን ግዙፍ ወጻኢታት ዝስልዓሉምን ዓውድታት ትምህርቲ ከምዝኾነ፡ ኣብ ጥዕና ሰብትን ሮግኣት ሕብረተ-ሰብን ድማ ዓቢ ግደ ከም ዝጻወትን ኣብሪሁ። ብዝይካ'ዚ፡ ኣብ ምውሓስ ማሕበረ-ቁጠባዊ ዕበየት'ውን ልዑል ተራ ከም ዘለዎ ኣረዲኡ። ዶክተር የማነ ስዩም ኣብ መግለጺኡ፡ ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብቲ ዕለት 130 (51.6%) ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም 252 ተማሃሮ ከም ዝመረቐ ሓቢሩ።

ኣስዒቡ ድማ፡ “ቤት-ትምህርቲ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታ፡ ኣብዚ ንመበል 13 ግዜኡ ዝካየድ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ 14 ሓካይም ብሓፈሻዊ ሕክምና ትምህርቶም ዛዚሞም ኣለዉ። ከምኡ'ውን ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን፡ ንመበል ካልኣይ ግዜኡ 238 ተመሃሮ የመርቕ ኣሎ። ካብዞም ተመረቕቲ፡ እቶም 11 ብስነ-መድሃኒት፡ ሸሞንተ ብሕክምናዊ ምድንዛዝ፡ ሸውዓተ ብኣተኣላልያ ዓበይቲ ሕሙማት፡ ሸውዓተ ብሞያ መወለዲን፡ ሹዱሽተ ብህጹጽ ረድኤትን ጽኑዕ ክንክናን፡ ኣርባዕተ ብክንክን ጥዕና ዓይኒ፡ ሓንቲ ድማ ብስነ-ፍልጠት ላቦራቶሪ - ብደረጃ ዲግሪ ክምረቑ እንከለዉ፡ 131 ከኣ ብሓፈሻዊ ክንክን ሕሙማት፡ 18 ብፋርማሲ፡ 13 ብረድዮሎጂ፡ 12 ብኣከባብያዊ ጥዕና፡ 11 ብላቦራቶሪ ሕክምና፡ ከምኡ'ውን 9 ብፍወሳ ሕክምና ስኒ - ብዲፕሎማ ትምህርቶም ዛዚሞም ኣለዉ።

ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ብጠቕላላ 917 ተማሃሮ እተፈላለየ ዓውድታት ትምህርቲ ይከታተሉ ኣለዉ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ 37 ሓፈሻዊ ሓካይም ፍሉይ ሕክምናዊ ሞያታት እናቐሰሙ ይርከቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ናይ ዝመጽእ ዓመት ድማ፡ ካልኦት 16 ሓፈሻዊ ሓካይም ብተመሳሳሊ ዓውደ-ትምህርቲ ክመሃሩ መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ኣብዚ ኮሌጅ ዝወሃቡ ፕሮግራማት ትምህርቲ ሸውዓተ ናይ ድሕረ-ምረቓ፡ ሸሞንተ ብደረጃ ዲግሪን ሹዱሽተ ብደረጃ ዲፕሎማን ዘጠቓልሉ እዮም። እቶም ፕሮግራማት ንኽፍሊ ሕክምና ህጻናትን ቁልዑን፡ ክፍሊ ውሽጣዊ ሕማማት፡ ክፍሊ መብጣሕቲ፡ ክፍሊ ሕርስነ ጥንስን፡ ክፍሊ ስነ-ራጂ፡ ክፍሊ ፓቶሎጂን፡ ክፍሊ ሕክምና ዓይኒ፡ ክፍሊ መሰረታዊ ሕክምናዊ ስነ-ፍልጠት፡ ክፍሊ ተሓጋገዝቲ ስነ-ፍልጠት ጥዕና (allied Health Sciences)፡ ክፍሊ ነርሲንግ ክፍሊ ኣከባብያውን መሰረታውን ክንክን ጥዕናን ዘሓቑፉ እዮም።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ቤት-ትምህርቲ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታ፡ ከምኡ'ውን ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና ኣስመራ፡ ብስነ-ምግባር ዝተሃንጹን ሓላፍነታውያንን ዝኾኑ ብቑዓት ሞያውያን ጥዕና ኣብ ምፍራይ ዝተጻወትዎ ተራ ልዑል እዩ። ንኣብነት፡ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና ኣስመራ፡ ብርክት ዝበሉ ስቡሞያ ጥዕና ማለት - ኣስታት 5,680 ተማሃሮ ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቑ ኣሎ። ብመሰረት ጸብጻብ ቤት-ትምህርቲ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታ ከኣ፡ 584 ሓካይም (83 ሓካይም ስኒ፡ 473 ሓካይም ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ከምኡ ድማ 28 ስፔሻሊስት ሓካይም ኣብ ዓውዲ ሓፈሻዊ መብጣሕቲ፡ ሕርስነ ጥንስን፡ ሕክምና ህጻናትን ቁልዑን) ከም ዘመረቐ ስነዳቱ የርእዩ።

ሞያ ሕክምና ምሉእ ህይወትካ እናተመሃርካ፡ ፍልጠትካን ክእለትካን እተመሓይሸሉ ዓውዲ እዩ። ስለዚ፡ ተመረቕቲ ወትሩ ብዘይምስልካይ ጻዕሩ፣ ኣብ ጎደኒ ተሓከምቲ ኩኑ፣ እሙናትን ርህሩሃትን ብምዃን ምስ ተሓከምትን ስድራቤቶምን ጽቡቕ ናይ ኣሂንምሂን ባህሊ ብምምዕባል፡ ኣብ ብሉጽ ኣልያ ተሓከምቲ ክትዋስኡ ይላቦ” ክብል ዶክተር የማነ መግለጺኡ ዛዚሙ።

ካብዚ ብምቕጻል፡ ተማሃሮ ብርእሱ መምህራኖም ዝወሃቦም ዝበረ መምርሒ እናተኸተሉ፡ ብብዙራ እናተንሰኡ ምስክር ወረቐት ተቐቢሎም። ብድሕሪ'ዚ፡ ካብቲ ህሞት ኣትሒዞም ብወግዒ ምሩቓት ምዃኖም ተገሊጹሎም። እቶም ካብ ክፍሎም ብምልኦም ተማሃሮን ልዑል ነጥቢ ብምምጻእ ጸብለል ዝበሉ ተማሃሮ ከኣ፡ እተፈላለየ ናይ ክብሪ ሽልማት ካብ ዕዱማት ኣጋይሽ ተቐቢሎም። ካብዚ ብምቕጻል፡ ተመረቕቲ ብፕሮፌሰር ጸጊረዳ ጉብርሂወት እናተመርሑ፡ ‘ብትምህርቲ ዝቐሰምክዎ ሕክምናዊ ፍልጠትን ክእለትን ንኻልኦት ከመሓላልፍ፡ ‘ብቑጽሊ ሕክምናዊ ፍልጠተይ ከማዕብል’፡ ‘ንኹሎም ተገልገልቲ ብዘይ ኣፈላላይ ብማዕረ ኣገልግሎተይ ከበርክት’፡ ‘ብዘኾነ ይኹን መገዲ ንተሓካሚ ዝጎድእ ነገር ከይገብር’፡ ‘ህይወት ተሓከምቲ ዘሕልፍ ዝኾነ ይኹን መድሃኒት ዋላ'ውን ብተሓካሚ ይተሓተት ከይህብን ከይእዝዝን’፡ ‘ብዛዕባ ተሓካሚ ንዝህልወኒ ሓበሬታ ብስርሐይ ይኹን ወይ ብኻልእ መንገዲ ዝተረኽበ ምስጢር ክዕቅብ’ ዝበልን ካልእ ተወሳኺ ነጥብታት ዝሓቑፈ ትሕዝቶን ብሓባር እናቃልሑ፡ ‘ኣብ ቅድሚ ፈጣሪ፡ ህዝቢ፡ መንግስቲ፡ ስድራይ፡ መምህራነይን መሳርሕተይን ብምሉእ ዓቕመይ ክተግብር እምሕል ኣለኹ’ ኢሎም ቃለ-ማሕላ ፈጺሞም።

ንተመረቕቲ ወኪሉ ቃል ዘስምዐ ተመራቓይ ቶማስ ተወልደ ብወገኑ፡ ንብጹኣት ተመረቕቲ የሃና ድሕሪ ምባል፡ ዝተሓለፈ ጉዕዞ ትምህርቲ ብዙሕ ጻዕርን ዋጋን ዝሓተተ ከም ዝነበረ ብምጥቃስ፡ ብኡ መጠን ድማ ትብዓት፡ ተጻዋርነትን ሓድነትን ከምዝዕበሉ ከም ዘኽኣሎም ገሊጹ። ቀጺሉ ድማ፡ “በዚ ሎሚ ረኺብናዮ ዘለና ዓወት ከይተዓሸና፡ ዝጸበየና ዘሎ ነዊሕን በዳህን ጉዕዞ ልዑል ሓላፍነት ዝሓትት ምዃኑ ክንምገዝእ ኣለና። ስለዚ፡ ንዘምሃረና ህዝብን መንግስትን ብዝተወፋይነት ከገልግል ድልዋት ኢና” ኢሉ።

ሚኒስተር ጥዕና ወ/ሮ ኣሚና ኑርሑሴን ድማ፡ ንተመረቕቲ “ነቲ ንዌሕ እዋን ሃንቀው ዝበልኩሞን ዝጸዓርኩምሉን ጻማ ሓያል ጻዕርኹም ዝኾነ ክብሪ ሞያ ብዓወት እንቋዕ ኣብቃዓኩም” ድሕሪ ምባል፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝተለሞ፡ ድሕሪ መላእ ናጽነት'ውን ከለንትናዊ ህንጻት ሃገርን ማሕበራዊ ፍትሕን ክውን ንምግባር፡ ንምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ቀዳምነት ሰሪዑ ብዘየደ ሓያል ምርብራብ፡ ኣብ መላእ ሃገር ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ክሃንጽ ከምዝኸኣለ ሓቢሩ። ኣብዚ እዋን ኩሉ ዜጋ ነጻን ማዕርን ዕድላት ትምህርቲ ከምዝረኽብ ኩይኑ ከም ዘሎ'ውን ወሲኻ ኣረዲኣ።

ሚኒስተር ኣምና ኣብ መወዳእታ፡ “በዚ መሰረት፡ መላእ ሕብረተ-ሰብ ተጠቃሚ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክኸውን በቒዑ ኣሎ። ብሶላ'ዚ ከኣ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ፍልጠት፡ ክእለትን ሞያን ክዕጥቕ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ሃገርና ኣብ ጽላት ጥዕናዊ ሞያ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወታት ክጥቀስ ይከኣል እዩ። ስለዚ፡ ተመረቕቲ ኩሉ ካብኹም ዝጥሉብ ሞያዊ ሓላፍነት ብተወፋይነት፡ ልዑል ወኒን ሓልዮትን ንኽተገልግሉ ይምሕጸን” ክትብል ለበዋኣ ኣመሓላሊፋ።

ካብቲ ኮሌጅ ብኣገዳሲ ብሉጽ ነጥቢ ተዓዊቲ ሽልማት ዋንጫን መዳልያን ዝኾነ ምሁር ስነ-መድሃኒት መንእሰይ ክብሮም ፍስሃ፡ ሓጎሱ ብምግላጺ ኣብ ገጹ ይንጸባረቕ ነይሩ። ንሱ፡ ምስጢር ዓወቱ ክገልጽ ከሎ፡ “እቲ ብውልቀይ ዘጉበሮ ጻዕርታት ንኽዕወት ኣገዳሲ ሓጊዙኒ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣሕዋተይ ብእተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ



ተመራቒ ክብሮም ፍስሃ

እዮም። ኣነ'ውን ንዐኦም እናረኣኹ ስለዝዓበኹ፡ እዚ'ውን ደርኺቱ ኮይኑኒ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ምኒ ምስ ሓረስቶት ስድራ-ቤተይ'የ ዝዐበኹ። ስለዚ፡ ብምልኡ ግዜይ ንትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍርቂ መዓልቲ ፍልጠት ክቐስም እንተወዓልኩ፡ ሓጺር ዘይኮነ ርሕቐት ብእግረይ ተጓዒዘ ገዛ ይኣቱ። ብድሕሪ'ዚ ድማ፡ ኣብ ዕዮ ገዛ ይሳተፍ ነይረ። ካብቲ ፈለማ ትምህርቲ ዝጀመርኩሉ እዋን ኣትሒዙ ዕውት ንኽኸውን ግድን ክጽዕር ከም ዘለኒ ንነብሰይ ኣእሚነየ። ከምኡ'ውን ወለደይ ዘይተማህሩ ክነሶም ንውላዶም ግን ብዝለዓለ ዓቕሚ ዘምህሩ እዮም።



ሚኒስተር ኣሚና ኑርሑሴን

ኣብ'ዛ ናይ ደስታ ዕለት፡ ንኹሎም ኣባላት ስድራቤተይ ንዝገበሩለይ ደገፍ እማስግን። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኑየም ኣብ ርሑቕ ቦታታት ዝዐበዩ ተማሃሮ፡ ኣብ ደረጃ ዓወት ክበጽሑ እንተድኣ ኮይኖም ብትዕግስቲ ክጽዕሩ እላበዎም” ይብል። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ “እቲ ዘምሃረና ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ብዘተማህርናዮ ዓውዲ ብብቕዓትን ተወፋይነትን ከነገልግል ኢና” ክብል ርእይቶኡ ዛዚሙ።

ሓንቲ ካብ'ተን ልዑል ነጥቢ ዘመዝገባ ደቂ-ኣንስትዮ ኩይና፡ ብዓውዲ ሓፈሻዊ ሕክምና ዝተመረቐት ዶክተር ነርጂስ ጃብር እውን ዋላ'ኳ እቲ ጉዕዞ ትምህርቲ ብዙሕ ብደሆታት እንተነበሮ፡ ኩሉ ማሕለኻታት ሲጊራ ኣብ ዓወት ከም ዝበጽሐት'ያ ገሊጻ። እቲ ዝረኸበቶ ድርብ ዓወት ናይ ውልቃ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ናይ ኩሎም መማህርታ ምዃኑ ዝቶቕሰት ዶ/ር ነርጂስ ጃብር፡ ዝፈለምኖ ዕማም ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ዕላማኻ ኣነጺርካ ኣብርቲዕካ ምስራሕ ከም ዘድሊ፡ እዚ ሓደሽ ምዕራፍ ከበድ ሓላፍነት ከም ዝሓትትን ኣረዲኣ። ቀጺላ ድማ፡ “ጓል-ኣንስተይቲ እንተ ተማሂራ፡ ተወዳዳሪት፡ ሓያልን ዕውትትን'ያ ትኸውን። ዝተማህረት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ዕቤትን ለውጥን ሕብረተ-ሰብ ዘለዓለ ተራ ስለዘህልዋ፡ ደገፍ ወለድን ሕብረተ-ሰብን የድልያ እዩ። ብወገነይ ንወለደይ፡ መምህራነይን ቤተ-ሰበይን ስለቲ ዝገበሩለይ ኩለንትናዊ ደገፍ ከማስግኖም እፈቱ” ኢላ።

ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ንቤት-ትምህርቲ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታን ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕና ኣስመራን ብምሕቋፍ፡ ኣብ መስከረም 2018 ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ዝቘመ'ዩ።



ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ኣራዪ ጥበብ

ሚካኤል እያሱ (ሃርሞኒ)

ናበይ ምዃኑ ንሱ ጥራይ'ዩ ዝፈልጦ። ሰባት ብዛዕብኡ ይኹን ብዛዕባ እቲ ንሱ ጥራይ ዝፈልጦ ዕላምኡ ዝህብዎ ትንታነ ኣቓልቦ ሂቡ ክሓስብ ግዜ የብሉን። ቁሪ ይኹን ጸሓይ ክከላኸለሉ ዘይክእል ብጅልጃል ክዳውንቱ ንሕሜታ ይዕድሙ። እቲ ኣዝዩ ፍሉይነቱ ግን ከም'ቶም ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ዓለም ዘለው ዝተበጃጀለ ክዳውንቲ ስለ ዝገብር ጥራይ'ውን ኣይኮነን፣ እንታይ ድኣ እተን ወትሩ ካብ ኢዱ ዘይፈልየን ጽላሉን ካቦቱን ኣብ ግዜ ቁሪ ይኹን ጸሓይ ወድዩወን ይኹን ዘርጊሑወን ዘይፈልጥ ብምዃኑ እዩ። ኣብቲ ሕልሙ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ብሰባት ዘይተጸንዑ ባህግታቱ ዝደልየሉ እዋን፡ እቶም መረረርቲ ጨራታት ጸሓይ ኣብ ገጹ፡ ከምኡ'ውን ኣብተን ጭምታላት ኣዒንቱ ኣትዩ እናሳቐየ፡ ብመታልሒ ጃሕ ጃሕ ዝብል ርሃጽ እናኸዓወሉ ከሎ፡ ነዚታት ንምክልኻል ነተን ወትሩ ካብ ኢዱ ዘይፈልየን ካቦቱን ጽላሉን ኣብ ጥቕሚ ከውዕለን ክርአ ዘይሕሰብ እዩ። እዚታት እዩ ኸኣ እቲ ቀንዲ ብሰባት ዘሕምዮ ጠባዩ። ንሱ ግን ንወረ ሰባት ዝኸውን እዝዚ ዘለዎ ኣይኮነን።

ሕልሙ እቶም ብሰባት ዘይተጸንዑ ባህግታቱ፡ ንዓለም ምዛር እዩ። ንዓለም ዘይርካ ኸኣ፡ እቲ ፈቓድኡ ዛሕ ኢሉ ዝርከብ ጥበባት ምእራይ እዩ። ዓለም ብኸልተ ነገር ክትዘራ ከም እትኽእል ኣብቲ ብዙሓት ሰባት ወግዒ ኣቦዋት ክሰምዑሉ ዝእከብሉ ኣደራሽ ተዛሪቡ ነይሩ። ንሱ ከም ዝበሎ፡ "እቲ ቀዳማይ ብምጉዓዝ እዩ። ንሱ ኸኣ እቲ ተፈጥሮ ዝዓደለካ መጓዓዚኻ ማለት እግርኻ ወይ ድማ ብምህዞ ደቂ-ሰብ ዝመጽኡ መጓዓዝያ ተጠቒምካ ክኸውን ከሎ። እቲ ካልኣይ ብኣእምሮኻ ምጉዓዝ እዩ። እዞም ክልተ ብሓንሳብ ተጠቒምና ንዓለም ምስ እንዝራ፡ እቲ ዝበልጸ ጉዕዞ ህይወት ክኸውን ይኽእል እዩ። ደቂ-ሰባት ግን ኩሉ ግዜ ሓደኦም ኢና ንጥቀም። እዚ'ዩ እቲ ቀንዲ ዘድክመና። ካብ ክልቲኦም ናይ ግድን ምረጽ እንተ ትብሉኒ ግን እቲ ብኣእምሮ ዝካየድ ጉዕዞ ምመረጽኩ። ካብ ሰሜናዊ ንፍቀ-ክቢ ክሳብ ደቡባዊ ንፍቀ-ክቢ ዘሎ ርሕቀት ብኣእምሮኻ ክትበጽሖ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ'ዩ ዘድልየካ። እቲ ዘሕዝን ግን ኣብ ከባቢና'ውን ተጓዒዝና ዘይንፈልጥ ንበዝሕ ምዃንና እዩ።"

እዚ እናበለ ክሰብኽ ከሎ ብዙሓት ሰባት ሓሳቡ ደስ ኢልዎም። እንተኾነ ግን ንሱ ንባዕሉ'ውን ነቲ ብኣእምሮ ዝካየድ ጉዕዞ ክጥቀመሉ ስለ



ዘይከኣለ፡ ነቲ ሓሳብ ከም ዘይከውን ሓሳብ ይርዕምዎ። ኩሉ ግዜ ነቲ ብእግሩ ዝካይዶ ጉዕዞ ብኣእምሮኡ ዘይተደገፈ ጉዕዞ ገይሮም ይወስድዎ። ነቲ ጽላሉን ካቦቱን ተሰኪሙ ንምድረበዳታት፡ ጣሻታት፡ ሩባታት፡ ኣፍላጋት፡ ዓድታት፡ ከተማታት፡ ባሕርታት፡ ውቅያኖሳትን ካልኦት ተፈጥራውያን ቦታታትን እናጥሓሰ ዝጓዓዞ ጉዕዞ ወትሩ የንኣእስሉ። ከም ሳንቲያጎ ብሕልሙ ሰምዒት ሕቡእ ሃብቲ ይደሊ ከይህሉ፡ "The alchemist" (እቲ ኣልኬማዊ) ዘንበቡ ሰባት ይሓምይዎ። ንሱ ግን ኣድናቖት ዘትርፍሉ ነገራት ካብ ምዕዛብ ድሕር ኣይብልን። ፍሉያት ቦታታትን ርእይዎም ዘይፈልጥ ነገራትን ክርእይ ከሎ፡ ጥርዚ ዕንጋለ ጽባቐ ይበጽሕ። ሽዑ ቅድሚ ሕጂ ናብ ንቑሕ ክፋል ኣእምሮኡ መጺኦም ዘይፈልጡ ሓሳባት ካብ መኽዘን ኣእምሮኡ ፈለኽለኽ እናበሉ ይወጽኡ። ከይደንጐየ ኸኣ ሓደሽቲ ምጻእ ንቑሕ ኣእምሮኡ ዝኾኑ ሓሳባት ኣብታ ዘይትመልእ ደብተሩ የስፍር። ጥርዚ ዕጋበት ከኣ ሽዑ ንሽዑ ይበጽሖ። ምጉዓዝ ግን ኣየቋርጽን፣ ምኽንያቱ ዓለም ኣሪኻዮ

ዘይጽንቀቕ ጥበብ ስለ እትውንን።

ኣብ ደብተሩ ዘስፍሮም ጽሑፋት መንገዲ ባህግታቱ ምዃኖም፡ ነተን ናብቲ ዕሙር ጫካ ሓደ ዘይልሙድ ነገር ምእታው ግዲ ገሪምወን፡ ደድሕሪኡ "ጬቕ ጬቕ" እናበላ ዝሰዕበኦ ዝነብራ ኣዕዋፍ ዓው ኢሉ ሓቢርወን። ድምጹ ብመቓልሕ ተደጊሙ ኣብ ኣእዛኑ ምስ ዓለበ፡ ዋላ ንነብሱ ደጊሙ ዝሓበራ ይመስሎ'ሞ ከም ወትሩ ጥርዚ ዕጋበት በጺሑ ብምሉእ ፍናን ይጓዓዝ። ጉዕዞኡ ስውር ጥበብ ሃሰው ምባል ኣይኮነን። "ጥበብ ተሰዊሩ ኣይፈልጥን እዩ፡ " በሃሊ'ዩ። ንሱ ዝጓዓዞ ጉዕዞ ርዱእ እዩ። ኣብ ፈቓድኡ ዛሕ ኢሎም ዘለው ጥበብ ህድእ ኢልካ ብምስትብሃል ምእራዮም እዩ። ምስ ዝሸቡ ንፋሳት ኣብ ኣቑጽልቲ ዝተዓቑረ ነጠብጣባት ማይ ንግሆ፡ ኣብ ሰማያት ብደበናታት ዝሰኣሉ - ዝቐረጹ - ከምኡ'ውን ቅርጽን ጽባቐን ማያዊ ኣካል፡ ጎቦታትን ኣጻድፍን፣ እዞም ኩሎምን ካልኦትን ሒዞሞ ዘለዉ ጥበብ ርእዩን ኣርዩን ኣይጸግቦምን እዩ። "ብጥበብ ዝተነድቁ ኣካላት" ኢሉ

ይሰምዮም። እዚታት ህይወቱ ኸኣ ኪንዮ ምግራም ሓሊፍካ፡ መወዳእታ እርያ ጥበቡ ብምንታይ ከም ዝውዳእ ኣይትፈልጥን። ጉዕዞኡ ግን ኣደነቕቲ ነገራት ምምዝጋብ ጥራይ ምዃኑ ብዓቕምኻ ተስተብህል።

በዚን-ወዲ-ኸምዝን ንኣርበዓ ዓመታት ብዘይ ለውጢ ከርተት ዝበሎ፡ ንጠማቲኡ ይኹን ነቶም ብስጋ ከምኡ'ውን ብመንፈስ 'ኣሕዋትካ ኢና' ዝብልዎ ሰባት ዘደንጸወን ዘሕመመን እዩ። እቶም ተደናገጽቲ 'ናትካ ኢና' ብሃልቲ ናብ ጥቓኡ ቀርቢብ ኢሎም፡ "ስለምንታይ ኢኻ ዘይትልወጥ፣" ኢሎም ክሓትዎ ከለው፡ ንለውጥታት ህይወቱ ክርእዩሉ ብዘይ ምኽኣሎም ቅጭ እናመጽኦ፡ ነድሪ ዝተሓወሶ ቃላቱ ብሓያል ድምጺ፡ "እንታይየይ ክልወጥ ትደልዩኒ ኣለኹም፣" ይብሎም። ንሳቶም ከኣ ነታ መዋእላ ለውጢ ዘይብላ ህይወቱ ዘኪሮም እናተገረሙ፡ "መዋእሉ ዝተበጃጀለ ክዳውንትኻ ቀይርካ፡ ነተን ኣብ ጠቕሚ ዘይተውዕለን ካቦትካን ጽላልካን ኣብ ግዜ ቊሪ ይኹን ኣብ ግዜ ጸሓይ ክትጥቀመለን፡ ኣብ ፈቓዳኡ ኣተካይዶ ጉዕዞ ኣኽቲምካ ንዓኻ ዝኸውን ስራሕ ረኺብካ ሩፍ ክትብል ኢና እንደሊ። እዚ'ዩ ኸኣ እቲ ለውጢ ዝብሃል፡" እናበሉ እዝዚ ከም ዘይብሉ እናተረድኦ ብድፍረት ይዛረብዎ። ንሱ እዚ ምስ ሰመዐ፡ እቲ ለውጢ ኢሎም ዝተመነይሉ ህይወት ራዕዲ ይፈጥረሉ። ዘረብኡ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበለ፡ ዋላ'ውን ነቶም ኣብ ኣፉ ዝነበሩ ምራቓት ክውሓጡ ዕድል ከይሃበ፡ ምስ ቃላቱ ሓዊሱ፡ "ስለምንታይከ ሕማቕ ትምነዩለይ? ኣብ ጸበብቲ ቤት ጽሕፈታት ዓኺሊልኩም ጥበብ ከም ዘይርእን ከም ዘይኣርን ክትገብሩኒ። እቲ ዘፍርሓኒ ህይወትኩም ይኣኽለኒ፣" መሊሱ ህድእ ብዝበለ ኣዘራርባ፡ "እተን ክልተ ኣገደስቲ ንብረተይ

ከኣ ኑብሰይ ምስ ባህግታታ ምስ ተሓናፈጸት ዘበርክተላ ህያብ እየን፡" ኢልዎም ሓውሲ ህድማ ንድሕሪት ግልጽ ግልጽ እናበለ ካብ ጥቓኦም ይዕዘር። ብድሕሪኡ ግን ነዊሕ ተሰዊሩ። ኣብ ጣሻታት ብኣራዊት ከም ዝተበልዐ ክውረ ጀሚሩ። ሓቅነቱ ግን ክረጋገጽ ኣይተኻእለን።

ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ ሞቱ ድሕሪ ምውራዩ ግን ሓደ ሓቅነት ዘለዎ ወረ ክነፍስ ጀሚሩ። ደብተሩ፡ እታ ኣብ ፈቓዶ ጉዕዞኡ ንዝርእዮም ዝነበረ ጥበባት እትጥርንፈሉ ዝነበረት ንብረቱ፡ ከም መጽሓፍ ተሓቲማ ከም ዝተዘርግሐት ተረጋጊጹ። ህላውነቱ'ውን ርጉጽ ኮይኑ። እታ ደብተሩ ንጥበብ ዓለም መዝገባ ግዲ ወዲኣ ሩፍ ከም ዝበለ'ውን ናይ ጉደና ወረ ኮይኑ። ኩሎም እቶም ኣብ ቤት ጽሕፈታት ኮይኖም ዝሰርሑ ገጠምቲ፡ ደረስቲ፡ ቀረጽቲ፡ መሃዝቲ፡ ስኣልቲ፡ ኣቀናበርቲን ካልኦትን ነቲ ዓለም ምሉእ ዘይሩ ዝኣከቦ ጥበቡ ክቋደሱን ክወስዱን ተደፊኦም ከንብብዋ ምውዓሎም ኮይኑ። እቲ ምስ ባህግታቱ ከም ዝተሓናፈጸ ዝፈለጠ ኣራይ ጥበብ ግን ደንጊጽሎም። ሰባት ካብ መጽሓፉ ክገጥሙ፡ ካብ መጽሓፉ ክምህዙ፡ ካብ መጽሓፉ ሓድሽ ነገር ክፈጥሩ ክርእይ ከመይ ዘየሕዝኖ።

ደቂ-ሰብ ዝተፈላለየ ኣተኣራርያ ጥበብ ከም ዘለና ኣብ መጽሓፉ ኣስፊርዎ እዩ። "ኩሉ ግዜ ግን ኣብ ክንዲ ባዕልና ጥበብ ንኣርይ፡ ነቲ ብኻልኦት ዝተኣረየ ጥበብ ክነኩማስዕ ንነብር'ውን፡" ኢሉ እዩ። ናቱ ናይቲ ኣራይ ጥበብ ጉዕዞ ምእራይ ጥበብ ግን ዝተዛዘመ ይመስል።

ነቶም "ኣብ ግዜ ቊሪ ካቦትካ፡ ኣብ ግዜ ጸሓይ ከኣ ጽላልካ ዘይዘርጋሕካ፡ " ኣናበሉ ዝርብሽዎ ዝነብሩ ሰባት ኣብ ትሕቲ እቲ "እራይ ጥበብ" ዝብል ኣርእስቲ ናይታ መጽሓፉ "ኩቱር ድሌት ናብ ባህጊ ፍሉይ ጽላልን ካቦትን ውሽጢ ስለ ዘለዎ ንደገኻ ዘገልግሉ ካቦትን ጽላልን ኣብ ጉዕዞ ናብ ባህጊ ረብሓ የብሎምን፡" ኢሉ ጽሒፍሎም እዩ።

ድሕሪ ገለ መዓልታት ከኣ ነተን ረጊጽወን ዝሓለፈ ከተማታት እንደገና ተመሊሰወን። ሽዑ ግን ተለዊጡ ነይሩ። ከም ነገስታት ቀደም ብብዙሓት ሰብ ባርኔጣ ተዓጂቡ ነይሩ። ንባዕሉ'ውን ኣብ ርእሱ ባርኔጣ ገይሩ። እታ ተበሃጊት ጽላሉ ኸኣ ንፈለማ እዋን ነብሱ ከም ህያብ ግዲ ተቐቢላታ ሓደ ካብ ዓጀብቱ ሒዝዋ የጽልለሉ ነይሩ። እታ ካቦት ግን ግዲ ሃሩር ነይሩ ሓደ ካልእ ዓጃቢኡ ብኽብሪ ዓጺፉ ሒዝዋ ነይሩ። ዛንታ እቲ ኣራይ ጥበብ ከኣ በዚ ዝተዛዘመ ይመስል። መጽሓፉ ግን ገና በቶም ኣብ ቤት ጽሕፈታትን መዘናግዒታትን ዝውዕሉ ስነ-ጥበበኛታት ኢና ብሃልቲ ጥበባ ይእረ ኣሎ።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

### ጥበብ ኻስሬ

ሱራፌል ተ.

መሸምቦባ ክመጽእ እንከሎ፡ ንስሪ እንታይ ከም ዝገብር ትፈልጡዶ?

ንስሪ መሸምቦባ ክመጽእ ምዃኑ ኣቐዲሙ ናይ ምፍልጥ ክእለት ኣሎዎ። ነቲ መሸምቦባ ኸኣ ተዳልይሉ ይጸንሕ። መሸምቦባ ክመጽእ ምዃኑ ኣብ ዝፈለጠሉ፡ ኣብ ዝበረኸ ጫፍ ናይ ሓደ ቦታ ብምኻድ እቲ ንፋስ ክመጽእ ይጽበዮ። መሸንቦባ ኣብኡ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ልክዕ፡ ኣኽናፉ ብምዝርጋሕ፡ እቲ ንፋስ ባዕሉ ሓፍ ከም ዘብሎ ይገብር። እቲ ንፋስ እናበርትዐ ኣብ ዝኸደሉ፡ እቲ ንስሪ ንላዕሊ ይብርኽ። ልዕሊ እቲ መሸምቦባ ዘምጽኦ ንፋስ ከኣ ይብርኽ።

መሸምቦባ ናይ ህይወት ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን፡ ከምቲ ንስሪ፡ ልዕሊኡ ክንብርኽ ንኽእል ኢና። ልዕሊ እቲ ሕማም፡ ሓዘን፡ ውድቀት፡ ቅሬታ፡ ... ናብ ህይወትና ዘምጽኦ ንፋስ ክብ ክንብል ንኽእል ኢና። ንስሪ መሸምቦባ መጺኡ ኢሉ ኣይሃድምን እዩ፣ እንታይ ደኣ ልዕሊኡ ብምውጻእ እዩ ዝሓልፎ። ኣብዚ ሰዓት ኣብ ህይወትካ ሓደ ብድሆ ይህሉወካ እዩ፣ ኣኽናፍካ ዘርጊሕካ ከም ንስሪ ክብ ከም ዘብለካ ግበር።

***

Inspirationalstories.com

# ሩፍታ

ማህሌታይ ያሬድ

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

# 'ኣዳል' እዩ እምባኣን!

እቶም ንገዛእን ዝሕልዉ ዝነበሩ ኣማኒኤልን ዳኒኤልን ኣቦኦት ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ስለዝነበሩ፡ ሃገራዊ ግቡኦም ወዲኦም ምስ መጽኡ፡ ጨና ምእንቲ ክሸቱወን ክልተ ክፍልታት ሰርቨስ ህንፀ ኣብኡ ክነብሩ ኣፍቂደናሎም።

ኣደይ ሮማ ሓንቲ ጎርዞ ወትሩ ናብዞም ክልተ መንእሰያት እናተሸወለት ክትመላለስ ደርኢያኣ ስለ ዝነበረ፡ ኩነታታ ሓርቢቱወን ነበረ። እንታይነታ ንኽፈልጣ ድማ ተጉዳስት ሓደረን።

ሓደ መዓልቲ "እቲኦም ቈልዑ እዛ ስሕት ኢላ ትመጽኣኩም ምጭውቲ ቈልዓ እንታወይቲ'ያ? ንመኽኦም ደልያ እያኸ ትመጽእ ክብላ ሓተታኦም።

"ኣደይ፡ ኣስቴር እያ ሽማ፡ ፈሪሕናኪ ደኣ'ምበር ንዳኒኤል ዓርኩ እያ። ማለት ጸቡ'ቅ ምሕዝነት ኣለዎም። ናትና ድልየት'ኳ ናብዚ እናመጸኣት ክትኣልየኩ፡ ግዛ ከተጸራርየልክን ክትሕግዘክን እዩ ነይሩ። ግን ከይንዝረበኪ ደፍሪት ስኢንና. . ." ክብሉ እናተቐባበሉ ኣረድኣወን። ኣደይ ሮማ እውን ከይተማትኣ እየን "ከምኡ እንተኾይኑ ደኣ ትምጻእ፡ ተሓብእ ዘሎ እንታይ ምኽንያት ኣለዎ፡ ጥራይ ጥዕይቲ ትኹን" ክብላ ነቲ ጉዳይ ኣቕልል ኣቢለን ፍቓደን ገለጻ። ጸሓፈን ድማ ዝተጠራጠራ ክመስላ ንድሕሪ ባይታኣ ብሕቶታት ክፍትሻኣ ጀመራ። ዳኒኤል እቲ ዝፈልጦ ዘበለ ድሕረባይታ ኣስቴር ብዘይሕብእብእ ኣዘንተወለን።

ካብ'ዛ ዕለት ንደሓር፡ ኣስቴር ምስ ኣደይ ሮማ ተላሊያ ናብቲ ገዛ ክትመላለስ ጀመረት። እንሓንሳብ እውን ኣብ ገዛኣን ወዲላ ትሓድር ነበረት። ዋላ'ኳ ናይ ብሕታ ገዛ እንተነበራ ከም ጓለን ብምዃን ኣብ ገዛ ኣደይ ሮማ ኣታዊትን ወጻኢትን ኾይና። ኣብዚ ህሞት እዚ ድማ'ዩ ካብ ዳንኤል ጥንሲ ዘጋጠማ።

ኣስቴር ኣብ ገዛ ኣደይ ሮማ ወዲ ተገላገለት። ስም ህጻን ኣብ ምውጻእ እናተኻትዑ ከለው፡ ኣደይ ሮማ "ባዕለይ እየ ስም ዘውጽኣሉ" ክብላ ኣቕበጻ። ንኹሉ ሰዓረን ድማ ኣዳል ኣውጽኣሉ።

"ኣዳል ማለትከ እንታይ ማለት እዩ" ሓተታ ሓንቲ ካብ ኣደታት በጺሒቲ ሓራሳ።

"ኣዳል ጠፊኣክን?" ኣደይ ሮማ እየን ሓታቲት።

"ኣበይ ኢለ ክፈልጦ" መለሰ እተን ሰበይቲ። ኣስቴር እትርከቦም ገለ በጺሖቲ እውን ከም ዘይፈልጥዎ ነበሩ።

"ኣዳል ደኣ. . ." ኢለን ዝን በላ ኣደይ ሮማ። ኣሰዪበን "ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝርከብ ዓቢ እምባ እዩ። ሓምድ እድሪስ ዓዋተ እታ ናይ ፈለማ ጥይት ዝተኮሰሉን ብረታዊ ቃልሲ ዝተጀመረሉን ታሪኻዊት እምባ. . ."

ኣስቴር እታ ስም ፍልይቲ ብምዃና ቀልጢፋ ፈተወታ። ካልኦት እውን እናተገረሙ ተቐበሉወን።

ኣዳል ክልተ ዓመት ክመልእ ሓደት ኣዋርሕ ክተርፎ፡ ኸሎ'ዩ ድማ ወዮ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ዝኸፈተ። ኣማኒኤልን ዳኒኤልን ከኣ ከም ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ልኡላውነት ሃገሮም ንምክባር ከተቱ።

ዳኒኤል ንኣደይ ሮማ "ኣደ ሓደራኺ፡ እንተ ተመለስና ጸቡቕ፡ ምእንቲ'ዛ መሬት በጃ እንተ ሓሊፍና ኸኣ ክብረትን ጸጋን'ዩ፡ ሓንቲ ክለብወኪን ክልምኸኪን ዝደሊ፡ ንኣዳል ክንዲ ኣጣ ኣደን ኩይንኪ ባዕልኺ ከተዕብይዮ ጥራይ እዩ። ስለዚ ካብ ሕጂ ኣትሒዝኪ ተረኪብዮ ኢኺ። ዋላ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ካባኺ ክፍለ የብሉን. . ." በለን ኣብ እግረን ወዲቑ።

"ዋእ ወደይ. . . ተንስእ፡ እዚ እንታይ ልመና ኣድልዩዎ። ንሸኻትኹም ምእንቲ ሃገር ህይወትኩም ክትከፍሉ እናኸድኩም'ሲ፡ ኣነ ዚ ምኽኣን ክስእን" በላኦ'ሞ፡ ኣሰዒበን ከኣ "ንዓይስ ጨና እንደኣሉ ዝኾኑኒ! ንሸኻትኩም ጥራይ ብሰላም ተመለሱ ነምደቀይ. . ." ክብላ ብምምራቕ፡ ክሳብ ብህይወት ዘለዋ ከም ተዛረብወን።

"ኣየናይ ንብረት እዩኸ እዚ?" ብዝይፈልጠን ብድድ ኢለን ኣብ ደንደስ ዓራት ኮፍ በላ።

"እንታይ ኩይንኪ ደኣ ትሰንብዲ፡ ንሕናስ ዚ ጉዳይ ዘለኪ ንብረት፡ ግዝኣብ እንተ ሃልዩኪ ድማ ብኢጋኡ ክትውግኢ ኢልና እምበር. . ."



ውላደን ገደረን ከዕብያኦ ምኽንያን መብጽዓ ኣተዋለ።

ክልቲኦም፡ ኣዕሩኽ ናብ ግንባራት ምስ ከዱ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ሓደ ክፍለሰራዊትን ብርጌድን እንተ ነበሩ። ብበጦሎኒ ግን በበይኖም እዮም ዝነበሩ። ኣማኒኤል ኣብ ቀዳመይቲ ክሸውን ከሎ፡ ዳኒኤል ከኣ ኣብ ራብዓይቲ በጦሎኒ ነበረ። ጥቓ-ንጥቓ ብምንባሮም ግን ድሃይ ሓድሕዶም ንምሕታትን ንምፍላጥን ጸገም ኣይነበሮምን። ውግእ ወራር ወያነ ቀጺሉ። እዞም ክልተ ቁራስ እናተማቐሉ ዝዓበዩ መትዓብይቲን ኣዕሩኽን ድማ ኣብ ሳልሳይ ወራር ቅድምን ድሕርን ተሰውኡ።

ኣስቴር ድሕሪ ምኽታት ናይ ብዓል ዳኒኤል ደገደገ ክትብል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብኡንብኡ ምስ ካልእ ወዲ-ጉዳዩ ብምትዕርራኽ ንበሰራር ኩቶት። እዚ ምስ ኣጋጠማ ብዙሕ ኣይጸንሐትን። ኣዳል ንኣደይ ሮማ ኣረኪባ ምስ'ቲ ወዲ ተጠርኒፋት። ኣዳል፡ ምስ'ተን ብእምነት ዝተቐበላኦ ኣደይ ሮማ ካብ ማህጸንን ከም ዝወጽአ ውላድ ኩይኑ ብኸናኽነን ዓበየ። ክንዲ ሰብ እውን ኣኸለ።

ሓደ ረፍዲ'ዩ። ማዕጾ ኣደይ ሮማ ብዝርቱዕ ድምጺ ተኳሕኲሑ። እተን ጓል 80 ዓመት ኣደይ ሮማ ሕማምን እርጋንን ተጸዊዒኦወን ኣብ ዓራት ተጎምቢየን ቴለቪዥን ይዕዘባ ነበራ። እቲ ክንዲ ወደንን ጓለንን ኩይኑ ዝምእዘዘን ኣዳል'ውን ኣብ ጉኣን ኩይኑ ይርኢ ነበረ።

ኣዳል ማዕጾ ናይ ቀጽሪ ምስ ከፈተ፡ ሓሙሽተ ዓበይቲ ሰበኡት "ሮማ ኣሎዶ ዚወደይ?" ክብሉ ሓተትዎ።

ኣዘማዲ ወ/ሮ ሮማ ምኻኖም ዝፈለጠ ኣዳል፡ ከም ዘለዋ ብምሕባር ሰላምታ ተለዋወጦም። መሪሑዎም ድማ ናብ'ቲ ኣደይ ሮማ ዝነበራኦ ክፍሊ ኣብጽሖም።

"ደሓን ዲኹም ደኣ ተኣኻኺብኩም መጺእኩም?" ኣደይ ሮማ ሓውሲ ሰንቢደ ኢለን ሓተታኦም።

እቶም ሽማግለታት ናይ ደሓን ምዃኖም ድሕሪ ምግላጾም፡ ንኣዳል "ቍሩብ ዘረባ ስለ ዘለና ሓንሳብዶ ኣብ ደገ ክትጸንሕ 'ዚወደይ" ክብሉ ብትሕትና ምስ ሓተትዎ፡ ንሱ እውን መልሲ ከይሃበ ሰላሕ ኢሉ ናብ ደገ ወጽኤ።

ኣዳል ምስ ወጽአ ኣብ ኣሰሩ "ሮማ ሓደ ነገር ኢና ክንሓትተኪ መጺእና ዘለና?" በሉወን ሓደ ካብ'ቶም ቤተ-ሰበ።

"እንታይ ሕቶኡ ደኣሉ?" በላኦም ሸዑ'ውን ከም ኣመሎም ገዛእቦ ዝበሉወን መሲሉወን።

"ጥዑና ይርሕቐኪ ኣሎ ማሰሉ። ስለዚ፡ ጸጋሕ ንገሆ ሕማቕ ኣሎ ጸቡቕ ኣሎ፡ ዘለኪ ንብረት ብኢጋኡ ክትውግዮ ሕሹ'ኽ ክንብለኪ ኣና ማጺእና፡ ክበሉ ሓልዮት ብዘመልኦ ቃና ተዛረብወን።

"ኣይ! ዝእ ክትብሉ ኢኹም መጺእኩም። ብህይወተይ ከለኹስ ንብረተይን ገዝበይን ብዚግኩም። ከመይ ኣለኹ'ኳ ኢልኩሚ ዘይትፈልጡስ ሎሚ ሓሊዩቲ ንብረተይ ኩይንኩም ክትመጽኡኒ" ኣደይ ሮማ ነድራን ኣስተማሰላ።

"ሮማ ንዓኺ ዝሓየሸ ኢና እኮ ንዛረብ ዘለና። ብድሕሪኺ ቤተ-ሰብ ከይናቖት ኢልና ደኣ'ምበር ንብረትኪ ዝበዛ የለን. . ."

"ንቑት ይበል"

ብመልሰን ሰንቢዶም "ዋእ ሮማ. . ." በሉ፡ ኩላቶም ብሓባር።

"እወ!"

"ንሕና ንበለኪ ነገር የብልናን። እቲ ዝሓሸ ግን ካብ ሕጂኺ ምቕልቃል ኣብልኪ ከተዕርፊ ኢና ንምዕደኪ"

"ወረግ ኣነ ግርም ዝበለኒ ዘሎ፡ ኣነ ቅድመኹም ከም ዝመውት መንዩ ነጊሩኩም! ሕጂስ ከኣ ኣብ ሰራሕ ፈጣሪ ክትኣትዉ ደሊኹም እምበኣር። እንቋዕ በሉ እቲ ሞት ናይ ፈጣሪ ኾነ. . ." ክብላ ጨደራ ሕማቕ ስለዝተሰምዐን።

"ሓቅኺ ሞት'ሲ ናይ ፈጣሪ ነገር'ዩ። ግን ጥዕና ትሰእኒ ስለዘለኺስ ዞባር ገዛርኪ ክትቀብሊ ኢልና እምበር. . ." እናተቐባበሉ ከዘሕልወን ፈተኑ።

"በሉ! ፍተው ጽልኡ እዚ ገዛዚ ገዝበይ'ዩ። ዚ ወደይ ከኣ'የ ዝገድፈሉ" ምስ በላኦም፡ "መን ወድኺ?" ክብሉ፡ ኩላቶም ብኣግርሞት ሓተትወን።

"ኣዳል ወደይ'ምበር መን ደኣ?"

"ዋእ!" ኢሎም ኣራእሶም ሓዚ'ሞ "ወዲ መን ኢልኪ ደኣ ከተውርስዮ?" ዝበል ሕቶ በበኣንፎም ደገሙ።

"እንታይ ኩይኑ ዘየውርሶ?"

"ዚ ደኣ እንታይ ሕቶ ደሊኽሉ፡ ንሕና ስለ ዘኾና እምበር እንታይ ደኣ?"

"ንሕና ኣይኮንኩምን፡ ንሕናት ንሻኻትኩም ኢኹም" ኣደይ ሮማ ኣመና ሓረቓን ገዓራ። ኣመት ሰሎም ካብ'ቲ ከቢ ረሓቑ።

"እቲ ሮማ እምበርዶ ብጥዕናኺ ኢኺ ዘለኺ። ኣሕዋትኪ ብደወና ኽሉናስ ንሕና! እዚ ደኣ ይትረፍዶ ክትጉብሮ ፍጹም ክሕሰብ ዘይብሉ እዩ'ኳ፡ ጽላለ እንተ ኾይኑ እንድዒ" ካብ ኣቦኣት ቤተሰብ እቶም ዕቢዩ ዝበሉ ሰብኣይ ኣትረርሮም ገንሐወን። ዝተረፉ ድማ ፍጹም ወዲ-ሰብ ዘይገብሮ ዕሽነት ከም ዝኾነ ንኽእምኑወን በበወገኖም ገለጹወን።

"እብለኩም ኣለኹ፡ ንዓይ ንናይ ኣይኮነን። ንናት'ሲ እቶም ብደወይ ክትቀብሩኒ ትደልዩ ዘለኹም ኢኹም?

"እዚ'ሞ ክሸውን ዘይቅበል እዩ፡ ብቑንዱ ድማ ናትኪ ንብረት ክወርስ ሕጊ ኣየፍቅደሉን'ዩ። ንሕና ድማ ከም ኣሕዋትኪ መጠን ንና እናወረሰ ትም ኢልና ንዕዘብ ሰባት ኣይኮንናን"

"እንታይ ክትገብሩ?"

"ደው ኑበሎ"

"መን ስለ ዝኾንኩም ኢኹም ኣብ ንብረተይ ደው ተብሉን ተፍቅዱን ወረ መን ኢኹም እትህቡን ትኽልኡን?" ገጸን ኣሰሪን ተገረጫ።

"ካብና ንላዕሊ ዝቐርብ ሰብ ስለዘይብልኪ ኢና ኣቲ ሮማ ሓብተይ" ዘረባኦን ግዱ ኣፍራሕዎም መሊሶም ሰገጥ በሉ። ኣደይ ሮማ ግን ክዘሕላ ኣይከኣላን። ዝበልኦን ዝዘረብኦን ክሳብ ዝጠፍኣን ተሰዓላኦም።

ኣሰዪበን ድማ "ንኣዳል ወደይ'ሲ ንና ክትብሉዎ" እናበላ ምጭውዳር ጀመራ።

"ዋእ! ሮማ ዚ ድኣ እንታይ ሕቶ ደሊኽሉ፡ ካብ ዘርእና ዘይኮነ - ኣይናትናን'ዩ. . ."

"በሉ ክትፈልጡ እዚ ቈልዓ ወደይ እዩ"

"ስለምንታይ ግን ከምኡ ትብሊ ኣለኺ ሮማ - እናፈለጥኪስ . ."

"ወዲ ሰወእ ማለት ወደይ ማለት እዩ። ወዲ ኽላትና ከማኹ። ሕጂ ግን ሓሚመ ስለዘለኹ፡ ብኸብረትኩም ካብ'ዛ ገዛይ ርሓቑለይ" ብኽልተ ኣእዳወን መታልሐን ሓዚነ ድንን ኢለን ተፀዓ።

"እወ ሓቃ'ያ። ኣይጠየቓትን ዘላ ሎሚስ መዓልቲ ቀይርና ንምጽኣያ. . . ከምኡ ይሓይሽ" ተበሃሂሎም፡ ሰላሕ ኢሎም ወጺኦም ከዱ። ኣደይ ሮማ በቲ ኣዘማድን ዝተዛረብወን "ብህያተይ ከለኹስ!" እናበላ መንፈሰን ተጉዳኡ'ዩ። ንጽባሒቱ እኽሉማይ ከይለኾፉ ንኣዳል ሒዘን ካብ ገዛኣን ወጽኣ። ናብ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ብምኻድ ከኣ ዝለወን ሃብትን ንብረትን ድሕሪ ምዝርዛር ሓሳበን ገለጻሉ።

ንሱ እውን ንብረተን ይኹን ገዝበን ብህይወት ከለዋ ድላየን ክገብራኦ ከም ዝኽእላ ኣበሰረን። ሱዳተን ሓዚን ምስኡ ብምርኻብ ከኣ ንኣዳል ናይ ገዛ ጥንዳ ገዛኣን ናይ ካምፑቦ ገዛኣን ድማ ንኣደ ስወእ ኣማኒኤል ዝኾኑት ሓብተን ሓረጉ ከውርሳኦም፡ ከምኡ ድማ ኣብ ጥኦኪ ካብ ዝበረ ፍርቂ ገዝበን ንደቂ ሰወኣት ብመልክዕ ህያብ ከወፍያኦ ከም ዝደልያ ዝርዝር ኣብለን ነበራ።

ብመንገዲ ናይ ሕጊ ኣማኻሪኦን ናብ ቤት-ፍርዲ ቀሪበ፡ ንመሰርሕ ወርሻ ምስ ዛዘሙ እቶም ኣሕዋተ ሰለስተ ሰባት ኩይናም ሓደ ካህን ወሲኾም ዳግማይ ተመልሱ። ኣደይ ሮማ ግን ዋላ ሓንቲ ኣይዓጀበን። ምኽንያቱ እቲ ዝሓሰበኦ ፈጺመን ሩፍታ ተሰሚዐወን ነበረ።

ንቶም ሰባት ድማ "ሕጂኸ እንታይ ኣምጺእኩም?" ክብላ ሓተታኦም።

"ሓሲብኩሉ ክትክኒ ተሰዱ ገደርና ኢና መጺእና ዘለና። ከም'ዚ ገበለ ዕሽነት ትፍጽሚ ኢልና ኣይንሓስበን ኢና" ክብሉ ድማ ዘረባኦም ብዘሎኦ ጀመሩ።

"ጽናይ እየ ዝሓሰብኩን ዘይሕሰብኩን?"

"ነቲ ጉዳይ'ምበር"

"ብሽሕር እንዶ ተዛረቡ።"

"እወ. . እንታይ መሰለኪ ሮማ ሓብተይ፡ ከም'ቲ ብቐዳማይ መጺእና ዝበልናኪ፡ እንተድኣ ውላድ ዘይብልካ'ኳንካ ንብረትካ ብኢጋኡ ክትውግኖ እዩ ዘሎ። እንተድኣ ዘይወሰንካዮ ግን ኣቲ ዝተረፈ ስድራ-ቤትካ ጽልእን ቅርሕትን ኢኻ ትገድፈሉ። ስለ'ዚ፡ ካብ ጽልእን ባእስን ምጉዳፍ፡ ፍቕርን ሰላምን እንተሓደግካ እዩ ሰናይ። ስለዚ፡ ኣመት ንብረትኪ ክትግብሪ ክንሕብሃኪ ኢና መጺእና" በሉወን ሓደ ካብ ኣሕዋተን።

ኣደይ ሮማ በቲ ኣሕዋተን ዝሓሰብዎ ናይ ወርሻ ቅድድም ኣስተማህሩ፡ ቀጺለን "ንኣድጊ'ያ ዘይከበደስ ንመጽዓን ከበዶ" - ብዝብል ንብረተይ ዘይከበደኒስ ንዓኻትኩም ከቢዱኩም። ወረ እንታይ'ዩ ዘኾቕለኩም ዘሎ። ብዛዕባ እዚ ረሳሕ ገዝበን ንብረትን ክንድ'ዚ ክትሻቐሉ. . ." በላኦም ነድርን ሕርቃንን ብዘተሓወሶ ቃናን ሰሚዒትን።

እቶም ሽዑ ከሎምዎም ዝተማልኡዎም ቀሺ ግን "ኣስ ባዕልኺ ብድልየትኪ ትመቓቐልዮም ዘለኺ፡ ከምኡ ድማ ኑዛዜ ክትገድፊ ዝደለኺ መሲሉኒ ደኣ'ምበር፡ ከም'ዚ ምኻኑ እንተዝፈልጥ'ሲ ኣምበይምመጻእኩን። ንሸኻትኩም ከኣ ተጋጊኹም። ኣምላኽ ዘይፈትዎ ስራሕ ትሰርሑ ኣለኹም. . ." በሉ ብቑጥዓ።

ኣደይ ሮማ ኸኣ "ኣቦይ ቀሺ፡ ኣብ ቅድሚኹም ሓንሳብ ናይ መወዳእታ ክዛረብ ኣፍቅዱለይ። እቲ ኣብ ሕጊ ቀሪበ ዝተናዘዝኩዎ ክደግመልኩም እየ" ኢለን ኮፍ ኣቢህኣን ድሕሪ ምስትኽኻል፡ ንብረተንን ሃብተንን ንመን ከም ዘውረሳኦ ብገልጺ ነገራኦም። ንኣዳል ከውርሳኦ ካብ ዝቐሰበን ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ካብ ወላዲቱ ተረኪበን ባዕለን ዘዕበያኦ ወዲ ሰወእ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ንሱ ጽላለን ጽግዐን ዋልታኣንን ምኻኑ ኣረደኣኣም። ዘለኣኽኑ ዝሓዘኑ እንተ ሓመማ ዘልዕለን ንሱ ምኻኑ እውን ወሰኻሎም። ብሓጺሩ "ኣዳል እምባይ እዩ" ክብላ ዛዘማ።

ኣቦይ ቀሺ "ካብ'ዚ ዝጥዕም ዘረባ ደኣ እንታይ ኣሎ" ምስ በሉ፡ ካብኡ ንደሓር ንልዕሊ ሓሙሽተ ደቒቕ ዝኸውን ዘረባ ዝበሃል ኣየምለቐን። ልቢ ኩላቶም ኣብ ዓሚቚ ወሽጣዊ ስምዒት ዝተሸመመ ይመስል።

ሓደ ካብ ኣሕዋተን ካብ ሕርቃን ዝተላዕለ "ዞባር ነገር ስለዘለ ንኺድ" ኢሎም፡ ብድድ በሉ። ኩላቶም ብሓባር ሓፍ ብምባል ምስ ኣደይ ሮማ ተማኺሮም ተመረራሪቖም ወጽኡ። ኣደይ ሮማ ድማ "እፍ. . .ፍ. . .ፍ. . . ደገም ሞት ከም ኣያ" ክብላ ኣስተርሓዓ።

ኣደይ ሮማ "ኣዳል'ዩ እምባይ" ምስ በላ ኣይተመልሰን። ኣደ ብዙሓት ደቂ ሰወኣት ዝኾና ኣደይ ሮማ መኻን ከም ዘይኮና ንብሰን ኣእሚናኣ እየን።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:15 | ተክ ኢንሳይት |
| 14:50 | ደኩመንታሪ |
| 16:00 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:20 | ፊያሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ለይቲ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ማስተንክር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ስልጠና ንመንእሰያት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ይግባይ በዘለት ወ/ሮ መድህን እምሃ ወሓብ መልሲ 1.ወረ/ኩ ያፌት ኪዳን ወረ/ኩ ልዑል ግደይን ኣቶ የውሃንስ ያፌት 2.ወ/ረ ኩ ያፌት ኪዳ 2.1 ት/ዕድመ ሰለይ ያፌት ሞዝት መድህን እምሃ 2.2 የርዳኖስ ያፌት 2.3 ተመሰገን ያፌት 2.4 ወልዱ ያፌት መልሲ ወሓቡቲ ቁ2.3.4 ብጊዜጣ ተጸዊዖም ን22/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ወ/ኩ/ራት ስላስ ንጉሰ ወ/ጋብር 1.ኩ/ኣብርሃም ንጉሰ ወ/ጋብር 1.1 የውሃንስ ኣብርሃም ንጉሰ ወ/ጋብር 1.2 ተኽለማርያም ኣብርሃም ንጉሰ 1.3 ኣብርሀት ኣብርሃም ንጉሰ 1.4 የማን ኣብርሃም ንጉሰ 1.5 ምሳየፍ ኣብርሃም ንጉሰ 1.6 ዓይናም ኣብርሃም ንጉሰ 2.ወ/ሮ ምሕረት ንጉሰ 3. ወ/ኩ/ራት ርሻን ንጉሰ ወ/ጋብር 3.1ፍቓዱ ተወልደ ብርሃ 3.2 ዝብረሚካኤል ዝብረዝጊሄር 3.3 ንጉስቲ ዝብረዝጊሄር 3.4 ተኽለሚካኤል ዝብረዝጊሄር 3.5 መኣዛ ዝብረዝጊሄር 4. ወ/ኩ ህድኣት ንጉሰ ወ/ጋብር 4.1 ሰተብርሃን ተኽለንክኤል 4.2 ህብትንክኤል ተኽለንክኤል 4.3 ኣሙተጼን ተኽለንክኤል ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ኾፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ የናስ ካሕሳይ ኪዳ፡ ተቓወምቲ ወረ/ኩ ካሕሳይ ኪዳ 1.ቅድስቲ ካሕሳይ 2.ኣስመረት ካሕሳይ። ተኸሳሲ ኣቶ ተወልደ ካሕሳይ ንናይ ምቕሊት ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኾፈልጥ።

ያፌት ንጉሰ ተወልደመድህን፡ ስም ኣደይ ሃይማኖት ሓድጉ ምባል ተሪፉ፡ ለተሃይማኖት ሓድጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ዱንያ ዓብደላ ሰይድ ምባል ተሪፉ፡ ዱንያ ሰይድዓብደላ ሰይድመሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ግጀረት

ወ/ሮ ደርጋኣለም ጉብረሂወት ጉብሩ፡ በዓልቤተይ ኣብርሃም ጉብረኣምላኽ ንጉሰ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ሓጎስ ዘዮገታ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቢንያም ኣቡጅጃ ጎጓ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኾፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደባርዋ

ሚካኤል የውሃንስ ዓንደ ምባል ተሪፉ፡ ሚካኤል የውሃንስ ዓንደማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ወልደጊዮርጊስ ወንድምሁኒይ ምባል ተሪፉ፡ ሄና ወልደገርጊስ ወንድምሁኒይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ በረኸት ኣርኣያ ተኽለይን ወ/ሮ የርዳኖስ ሞገስ ሓጎስን፡ ስም ት/ዕድመ ወድና ተስፋልደት በረኸት ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ እሰይ በረኸት ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣወልከር ሃብቶም ጉብረዝጊ ምባል ተሪፉ፡ ሰም ሃብቶም ጉብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ጎይትኦም ማዘንግዉ ወ/ሮ ለተኪዳን የማን ኣብ ልዕሌኻን ካልኦት 6ተ ተኸሰስቲን ናይ ውዕል ምፍራስን ኣቤቱታን ክሲ መስሪተናልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኾፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ዓብየረሕማን ኑርኣሕመድ ዓብየርሐም ምባል ተሪፉ፡ ዓብዩልርሐም ኑርኣሕመድ ዓብየርሐም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኢተቸሽ ተስፋይ ደስታ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጉብረኣሊፍ ተስፋማርያም ኪዳ ድሕሪ 1991 ናብ ኢትዮጵያ ምስ ከደ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ ጉብረትንሳኤ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ የማን ጉብረትንሳኤ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ብርኽቲ ኣብርሃም ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ብርኽቲ ኣብርሃ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

1.ሳራ ሃይለ ጉብርሃንስ 2.የናታን ሃይለ ጉብርሃንስ 3.ገሊላ ሃይለ ጉብርሃንስ 4.ቤትለሄም ሃይለ ጉብርሃንስ 5.እስራኤል ሃይለ ጉብርሃንስ ምባል ተሪፉ፡1.ሳራ ሃይለስላሴ ጉብረየውሃንስ 2.የናታን ሃይለስላሴ ጉብረየውሃንስ 3.ገሊላ ሃይለስላሴ ጉብረየውሃንስ 4.ቤትለሄም ሃይለስላሴ ጉብረየውሃንስ 5.እስራኤል ሃይለስላሴ ጉብረየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፈሽን ክፍላይ ጨዓይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ እንገዩ ጨዓይ ጉብረመድህን፡ ናይ ኣቦት ክሲ ስለዘቕረብልካ'ሞ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ን27/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ኾፈልጥ።

ፈሽን ክፍላይ ጨዓይ ምባል ተሪፉ፡ ፈሽን እንገዩ ጨዓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣስቴር ኒጓሲ ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ቤትኤል ኒጓሲ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኣምባሳደር የማን በራኺ ምባል ተሪፉ፡ ሸሻይ የማን በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ዲኒ በሮለ ዐስማን በሮለ ምባል ተሪፉ፡ ዐመር በሮለ ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮሞዳን ሐሴን ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ሮሞዳን እድሪስ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓሪፋ መሓመድኪር ዓብደላ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ መንሱር ሓምድ ዓሪፋ ምባል ተሪፉ፡ መንሱር ዓሪፋ መሓመድኺር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/23 እብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሽሪፋዐስማን ኣሕመድ፡ በዓል ቤተይ መሳ ኢብራሂም ፈረጀላ ኣብ 1996 ዓ.ም ካብ ገዛ ምስ ወጸአ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓምድዐስማን ዓብደላ ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ዐስማን ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ዓንሰባ ከረን

ኣቶ ቢንያም ኒጓሲ ፍቃዱ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ኩ ፍቃዱ ተኽሉ ባዩሩሉ 1.ሙልጌታ ፍቃዱ ተኽሉ 2.ኢልሳ ፍቃዱ ተኽሉ 3.ገዛቸን ፍቃዱ ተኽሉ 4.ከሰተ ፍቃዱ ተኽሉ 5.ኣስመረት ፍቃዱ ተኽሉ 6.ኣሸብር ፍቃዱ ተኽሉ 7.ዳንኤል ፍቃዱ ተኽሉ 8.ሄለን ፍቃዱ ተኽሉ 9.ኩ/ሄር ክብራ ፍቃዱ ተኽሉ ተጻኢታ ሀ/ሰምረት መዘጠ ለ/ሂወት መዘጠ ሐ/ኣብዴት መዘጠ ብኣቶ ቢንያም ኒጓሲ ፍቃዱ ናይ ወርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ኾፈልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣምና ኣሕመድ እብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ኣምና ሓምድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ተሰነይ

ብርኽቲ ጉብረሃንስ ጉብረስላሴ፡ ስም ወላዲየይ ጉብረሃንስ በረምብራስ ጉብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ጉብረሃንስ ጉብረስላሴ ጉብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኮና ን/ዞ/ሻምብቆ

ኣቶ ቶሲ ሮሙዳን ዳኮር፡ ኣቦና ሮሙዳን ዳኮር ስለዝዐረፈ፡ ንኣዴና ዓሻ ማንታይ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣና ምስ 7 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡ 4 ናይ ሃገራዊ መርመራ ኣረምቲ ማሽናት ዓመታዊ ጽገና ን2024 ዓ/ም ከምኡ'ውን ንዘቖጽል ዓመታት ጽገናን ሰርቪስን ዘኪይድ ክኢላ ኩባንያ ክጫረት ስለዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

-ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲን መንነትን ፎቶ ኮፒን ምቕራብ የድሊ።

-ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን30 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ይኽፈት።

-መኽበሪ ጨረታ 5,000 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ (cpo) የትሕዝ።

-ተወሳኺ መግለጺን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብቴሌፎን 200593/123749 ተወከሱ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ



ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡
ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ
8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com
ሰቕታ ኀዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

## መመረቕታ ሓዳስ መጽሓፍ

### “ዝተለውየት ሴፍ”

መቖጸልታ ናይታ ኣማኢት ኣሸሓት ኣንባቢ ዝረኸበት “ሰላዩት ኣብ መቓለ”።





ቦታ፡ ሲኒማ ሮማ
ዕለት፡ ሓሙስ 16-11-2023
ሰዓት፡ 18፡15 (6፡15 ድ.ቀ)

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ንሸቶ ጎርደን ዘጽደቐ ኳር ቅኑዕ እዩ ነይሩ” ሃዋርድ ወብ




ኣቦመንበር ደያኑ ክለባት ፕሪመር ሊግ ዝኾነ ሃዋርድ ወብ፡ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ፡ ድሕሪቲ ብኒውካስል ዝወረዶ ኣካታዒ ስዕረት፡ ኣብ ልዕሊ ደያኑ ዘዘርዘሮ ቁጥዐ ዝተሓወሶ ዘረባ ጌጋ ምዃኑ ብምግላጽ፡ “ንሸቶ ኣንቶኒ ጎርደን ዘጽደቐ ኳር ቅኑዕ እዩ ነይሩ” ኢሉ።

ኣርሰናል፡ ቅድሚ 10 መዓልታት ብኒውካስል 1-ብ0 ብምስዓራ፡ ናይ ፈለማ ስዕረት ፕሪመር ሊግ እዛ ወቕቲ ምቕማሳ ይዝከር። ይኹን'ምበር፡ ጎርደን፡ ቅድሚ መዐወቲት ሸቶ ምምዝጋቡ፣ ኳር፡ ንሰለስተ ፍጻመታት ማለት - ኦፍሳይድ ናይ ምዃን ተኽእሎ እንተሃልዩ፡ ኣብ ልዕሊ ተኸላኻሊ ኣርሰናል ጋብሪኤል - በደል እንተተፈጺሙ፡ ከምኡ'ውን እታ ኩዕሶ ካብ ሕንጻጽ ወጺኣ እንተነይራ ከረጋግጽ ነይሩዎ። ድሕሪዚ፡ ኹሉ ማስርሕ ከኣ ነታ ሸቶ ኣጽዲቑዋ።

በዚ ውሳኔ ዝጕሃየ ኣርቴታ፡ ንደያኑ ክዝልፍም እንከሎ፡ ኣርሰናል እውን ድሓራ ኣብ ዘውጸኦቶ መግለጺ፡ እቲ ውሳኔ “ዘይቅቡል” ምዃኑ ብምግላጽ ንኣርቴታ ክትድግፎ እያ ተራኢያ።

ሃዋርድ ወብ ግን፡ ዳኛ ናይ'ታ ጸወታ ዝነበረ ኣንዲ ማድሊይን መሳርሒቱን ከምኡ'ውን ኳር፡ ኣርሰናል፡ ቀዳመይቲ ስዕረት ክትሰንድ ዝወሰኑዋ ሸቶ ቅንዕቲ ምንባራ እዩ ገሊጹ። ኣብ'ታ ጸወታ ዳኛ ዝነበረ ማድሊይ፡ ቅድሚ ጎርደን ሸቶ ምምዝጋቡ፡ እታ ኩዕሶ ካብ መስመር ወጺኣ ነይራ ዲያ ኣይነበረትን ምስ ኳር ዝዝርዝሮ ደምጺ'ውን ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብ'ታ ፍጻመ፡ ማድሊይ፡ “እዛ ኩዕሶ ምውጻኣ ጭብጢ መርትዖ የብልናን።” ክብል እንከሎ፡ ተሓጋጋዚ ኳር ከኣ፡ “ሽሕ'ኳ ዝወጸት እንተመሰለት፡ ኣብ ግምት ክተእትዎ ዘለካ ግን፡ ጥዋይ/ዕጻፍ (ንገለ ክፋል ንምግላጽ እዩ) እታ ኩዕሶ ኣብ መስመር እዩ ዘሎ።” ክብል ይሰማዕ።

ወብ፡ ብዛዕባዚ ጉዳይ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ብወገኑ፡ “ኩዕሶ ጥዋይ/ዕጻፍ ምዃና ንፈልጣ ኢና፣ ስለዚ ኣብ'ቲ መስመር ብጠለ ኣካላ ክትተርፍ ትኽእል እያ። ንሕና ከኣ ከምዝወጸት መርትዖ የድልየና፣ ግና ኣይነበረናን።” ኢሉ። ቀጺሉ፡ “ሽዑ እታ ኩዕሶ ካብኡ ወጺኣ ጆሊንተን (ኣጥቃዓይ ኒውካስል) ከኣ ንጋብሪኤል (ተኸላኻሊ ኣርሰናል) በዲህዎ (እታ በደል እትሕሰብ ዘላ ፍጻመ እያ)። በደል ክትከውን ትኽእል እያ፣ ኳር ግን፡ ካብ'ቲ ተንቀሳቓሲ ስእሊ ዝወጸ መርትዖ ንጹር ከምዝይሮ እዩ ዝወሰኑ።” ኢሉ። “ደሓር ከኣ እዚ ሓደ ካብቲ ዘይልሙድ ኩነታት እዩ። ኩዕሶ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻወትቲ ነይራ። ኣዝዮም ተቓራሪቦም ብምንባሮም ከኣ እታ ኩዕሶ መዓስ ካብ ጆሊንተን ከምዝወጸት ብልክዕ ክትፈልዮ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ።” ይወሰኽ - ወብ።

ኣብ'ዛ ዛዕባ መደምደምታ ክህብ እንከሎ እዚ ናይ ቅድም ህቡብ ዳኛ፡ “ኳር፡ ነዚ ጉዳይ ብትግሃት ድሕሪ ምርኣዩ፡ ዝኾነ ነዛ ሸቶ ዘቕይር ንጹር መርትዖ ክረክብ ኣይከኣለን። እቲ ማስርሕ ከኣ ብልክዕ ቅኑዕ እዩ ነይሩ።” ኢሉ። ኳር፡ ኣብ ሜዳ ዝተወሰነ ሸቶ ክቕይር ኣለዎ ዲዩ የብሉን ንምፍታሕ ከኣ ነተን ሰለስተ ፍጻመታት (ነተን ኦፍሳይድ፡ ፋውልን ሸቶን እዩ) ክትርኢ - ዘይተለምደ ኩነታት ምንባሩ'ውን ኣረዲኡ።

እዚ እናኾነ ግን፡ ሃዋርድ፡ ደያኑ ናይ'ዛ ጸወታ፡ ሓደ ጌጋ ከምዝፈጸሙ ካብ ምግላጽ ኣይተቖጠበን። ንሱ፡ ኣጥቃዓይ ኣርሰናል ካይ ሃቨርትዝ ኣብ ልዕሊ ተኸላኻሊ ኒውካስል ሲያን ሎንግስታፍ፡ ከምኡ'ውን ኣከፋፋሊ ኒውካስል ብሩኖ ጉማረስ ኣብ ልዕሊ ኣከፋፋሊ ኣርሰናል ጆርጂኖ ብዝፈጸምዎ በደል ብቐይሕ ካርድ ክብረሩ ይግብኦም ምንባሩ ማስከረ።

ጉዳይ ቪድዮ ተሓጋጋዚ ዳኛ (ኳር)ን ደያኑ ፕሪመር ሊግን ወርትግ ቀዳመሰንበት ኣካታዒ ዛዕባ ኣብ ምኽፋት ሰራሕቲ ኣሎም ተታሓሒዞም ዘለዉ እዮም ዝመስሉ። በዚ ከኣ ብዙሓት ክለባት ጉዳይ ክኾና ደርኢየ ምህላወን ይፍለጥ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ጃለን ሎፕተጊ፡ ንሕቶ ምስልጣን ኣል-ኢትሓድ ክሰጸን ዝለዓለ ተኽእሎ ከምዘሎ ተኣሚቱ።

ሰዑዳዊት ክለብ ኣል-ኢቲሓድ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ንኣሰልጣኒኣ ኑኖ ኣስፕሪንቶ ሳንቶ ድሕሪ ምብራራ፡ ብግዝያዊ ዓላሚ እያ እትሳለ ዘላ። በዚ ከኣ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ንምፍራም ኣብ እትጉብኦ ዘላ ጻህያ፡ ንሎፕተጊ ሓጺያቶ ጸኒሓ - ሓዲሽ ዓላሚ ክኸውን ተቓሪቡ ምህላዉ'ውን ከቃላሕ ቀንዩ ኣሎ።

ይኹን'ምበር፡ ብመሰረት ናይ ቀረባ ምንጪታት፡ ሎፕተጊ፡ ዝ ጠለብ ክሰጸን ተዳልዩ ከምዘሎ ተቓሊሑ። እዚ ናይ ቅድም ዓላሚ ክለባት ስቪያን ዎልቭስን ኣተኲሮኡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ምዃኑ እዩ ዝገንር።

* ዋልተር ማዛሪ ንቦታ ኣሰልጣኒ ናፖሊ ሩዲ ጋርሽያ ተኪኡ ዳግማይ ዓላሚ እዛ ኢጣልያዊት ክለብ ኮይኑ።

ካብ 2009 ክሳብ 2013 ንናፖሊ የሰልጥና ምንባሩ ዝፍለጥ ወዲ 62 ዓመት ማዛሪ ድሕሪ ሓደ ዕቑድ እዩ ዳግማይ መዝነር ምስልጣን ሒዙ ዘሎ። ዝሓለፈ ዓመት ብሉቺያኖ ስፓሌቲ እናተመርሐት ዕውትቲ ስኩዴቶ ኢጣልያ ዝበረት ናፖሊ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ትሕቲ ሩዲ ጋርሽያ ኣታውን ወጻኢን ብቐዓት ከተርኢ ምጽናሓ ይግምገም። ዛጊት ካብ 12 ግጥማት ከኣ ካብ'ታ ብ31 ነጥቢ መራሒት ዘላ ኢንተርሚላን ብ10 ነጥቢ ድሒራ ራብዓይ ደረጃ ትርከብ።

* ብራዚላዊ ማርሴሎ፡ ቅድሚ ናብ ናይ ሃገሩ ክለብ ፍሉሚነንሰ ምጽምባሩ፡ ምስ ናይ ቅድም ወዲ ጋንታኡን ቀንዲ ዓርኩን ዝነበረ ናብ ሕጂ ኣጥቃዓይ ኣል-ነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ብዛዕባ ዳግማይ ክላተቡሉ ዝኽእሉ ዕድል ከምዝዘራረቡ ኣቃሊዑ።


ኣብ ማድሪድ ቀንዲ ኣዕሩኽ ዝነበሩ ሮናልዶን ማርሴሎን

ሮናልዶን ማርሴሎን፡ ኣብ ሪያል ማድሪድ ዕዉት ግዜ ከምዝሓለፉ ይፍለጥ። ሮናልዶ፡ ኣቐዲሙ ኣብ 2018 ናብ ጁቨንቱስ ክሰጋገር እንከሎ፡ ማርሴሎ ከኣ ኣብ 2022 ካብ ማድሪድ ወጺኡ ናብ ኦሎምፒያኮስ ተጸምቢሩ። እንተኾነ፡ ምስዮገጋሩ ከም'ቲ ዝወጠኖ ዕዉት ክኾነሉ ብዘይምኽኣሉ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ካብ'ዛ ክለብ ብምውጻኡ፡ ኣብ ለካቲት እዛ ዓመት ውዕል ኣልቦ ተጻዋታይ ክኸውን ተቐሲቡ ነይሩ።

ኣብ'ቲ እዋን ካብ ዝተፈላለያ ክለባት ሰዑዲ ዓረብ ጠለብ ዝመጽኦ ዝነበረ ማርሴሎ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ምስ'ቲ ዓርኩ ዝኾነ ሮናልዶ ክጽግበር ዝኽእሎ ዕድል ከምዝዘራረቡ የረድኡ። “ኣነን ሮናልዶን ብዛዕባዚ ጉዳይ ተዘራሪብና ነይርና። ገለ ጠለባት ይመጺ እኳ እንተነበረ፡ ኣነ ግን፡ ናብ'ታ መበቈለይ ዝኾነት ሃገረይ ክምለስ ደልየ።” ክብል፡ ኣብ መጨረሽታ ናብ'ታ ናይ ቁልዕነቱ ክለብ ፍሉሚነንሰ ክምለስ ከምዝወሰነ ኣፍሊጡ።

ወዲ 36 ዓመት ማርሴሎ፡ ምስ ኦሎምፒያኮስ ምስ ተፈላለየ፡ ናብ ሃገሩ ብምቕናዕ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ፍሉሚነንሰ ይጻወት ኣሎ።

### ቅንጥብጣብ

* ማትያስ ኑነስ፡ ብሰንኪ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ፡ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ከምዝተኣለየ፡ እታ ጋንታ ኣፍሊጣ።

በዚ ከኣ እዚ ወዲ 27 ዓመት ኣከፋፋሊ ክለብ ማን ሲቲ፡ ሃገሩ ኣንጻር ሌችስታይንን ኣይስላንድን ኣብ እተካይዶ ክልተ ግጥማት መጻረዪ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ክበኵር እዩ።

* ማን ሲቲ፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት [2022-23] 712.8 ሚልዮን ፓውንድ ኣታዊ ብምግኻር፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ኣጽሒፋ።

እዛ ዝሓለፈ ዓመት ሰለስተ ዓወት (ፕሪመር ሊግ፡ ኤፍ. ኤ ካፕን ሻምፕዮንስ ሊግን) ዘስተማቐረት ክለብ፡ ነቲ ዝሓለፈ ዓመት ብማን ዩናይትድ ተታሒዙ ዝነበረ ናይ 648.4 ሚልዮን ፓውንድ ኣታዊ እያ ሓሊፋቶ ትርከብ።

* ጆርጂኖ፡ ምስ ኣርሰናል ዘለዎ ውዕል ኣብ ክረምቲ 2024 ድሕሪ ምብቃዑ፡ ናብ ኢጣልያ ክምለስ ከምዝኽእል ኣሚቱ።

ንሱ፡ “ኣዝዩ እየ ተማሂረ ዘለኹ። ክምለስ ይደሊ እየ፡ ግና እቲ ቅኑዕ ግዜ መዓስ ምዃኑ ኣይፈልጥን እየ። ጌና ኣብ ኣርሰናል ክፍጽሞ ዘለኒ ነገራት ዝተረፈኒ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ።” ኢሉ። ወዲ 31 ብራዚላዊ መበቈል ዘለዎ ኢጣልያዊ ጆርጂኖ፡ ቅድሚ ናብ እንግሊዝ (ቀዳምነ ናብ ቸልሲ እዩ ተጸምቢሩ) ምጽምባሩ፡ ኣብ ሰሪኣ ምስ ናፖሊ እዩ ዝጻወት ነይሩ።

## ሶንግ፡ ጫማኡ ሰቒሉ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ክለብ ኣርሰናል ኣለክስ ሶንግ፡ ኣብ መበል 36 ዓመቱ ካብ ኩዕሶ እግሪ ጥሮታ ምውጽኡ ትማሊ ኣፍሊጡ።

ካሜሩናዊ ሶንግ፡ ካብ 2006 ክሳብ 2012 ንሽዱሽተ ዓመታት ምስ ኣርሰናል ምጽዋቱ ይፍለጥ። ዋላ'ኳ ዓበይቲ ጸዋትት ኣይዕተር፡ ብውልቁ ግን፡ ዕዉት ግዜ ምሕላፉ ይገለጽ። ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2012-13 ከኣ ናብ ዓብይ ኢስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና ተሰጋጊሩ። ኣብ'ቲ ን19 ዓመታት ዝቐጸለ ናይ ጸወታ ግዜኡ ድማ፡ እታ እንኮን ዝዓበየትን ጸዋእ ኣብ'ታ ወቕቲ ዓቲሩ - ዋንጫ ላ'ሊጋ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ዛ ክለብ ብቐዋሚ ክሰልፍ ዝኽእል ብቕዓት ከንጸባርቕ ብዘይምኽኣሉ፡ ክልተ ግዜ ብልቓሕ ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ዌስትሃም ተሰጊጉሩ ነይሩ።



እዚ እናከፋፈለ ዝኸኣለ ተጻዋታይ፡ ኣብ 2016 ካብ ባርሳ ምስ ተፋነወ፡ ምስ ሩስያዊት ክለብ ሩቢን ካዛን ድሒሩ ከኣ ምስ ስዊዘርላንዳዊት ጋንታ ሲዮን ተጻዊቱ። ካብ 2020-23 ከኣ ምስ ኣሲታ-ሶላር ዝተባህለት ናይ ጅቡቲ ጋንታ ክጻወት ጸኒሑ - ኣርባዕተ ዝተፈላለየ ዋንጫ'ውን ክዕትር በቒዑ።

ሶንግ፡ ትማሊ ጫማኡ ክሰቅል ምውሳኑ፡ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣቢሉ እዩ ኣፍሊጡ። ኣብ'ዛ ኣፍሪቃዊት ክለቡ፡ ኣብ ምምዕባል መንእሰያት ተጻወትቲ ክሰርሕ ምዃኑ እዩ ተገሊጹ ዘሎ።

## ዩንየን በርሊንን ፊሸርን ተፈላልዮም

ጀርመናዊት ክለብ ዩንዮን በርሊን፡ ምስ'ቲ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትሳተፍ ዘኽኣላ ዓላሚኣ ዩርስ ፊሸር ዝነበራ ዝምድና በቲኻ።

ፊሸር፡ ኣብ 1 ሓምለ 2018 መዝሙት ምስልጣን እዛ ጋንታ ተቐቢሉ። ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቱ፡ ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ቡንደስሊጋ ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ቡንደስሊጋ ክሕልፉ'ውን በቒዑ። ኣብ'ቲ ሊግ ንፈለማ ግዜ ዝደየበት በርሊን፡ ንገለ ኣዋርሕ ነቲ ሊግ ክትመርሖ ብምኽኣላ ድማ፡ ብብዙሓት ተንተንቲ ተመጕሲ ነይራ። ዩንዮን በርሊን፡ ኣብ ዝሰዓበ ሰለስተ ወቕተ-ስፖርት ከኣ፡ ብተኸታታሊ ሻውዓይቲ፡ ሓሙሻይቲን ራብዐይቲን ክትወጽእ እውን ኣኽኢሉ።



እዛ ጋንታ፡ በዚ ወጽኢት፡ ኣብ ኮንፈረንስ ሊግ፡ ኤውሮፓ ሊግ፡ ሎሚ ኸኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትሳተፍ ክኢላ - ኣብ ታሪኽ ንፈልማይ ግዜ። ኣብ ታሪኽ እዛ ክለብ እቲ ቀንዲ ዕዉት ኣሰልጣኒ ምዃኑ ዝግለጽ ፊሸር ብወገኑ፡ ኣብ ክረምቲ እዛ ዓመት ብፉትቦል መጋዚን 'ዝበለጸ ኣሰልጣኒ እዛ ዓመት' ተጸዊዑ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ'ዛ ወቕቲ፡ ኣብ ተኸታተልቲ ትሸዓተ ናይ ሊግ ግጥማት ክትሰዓር ተቐሲባ ዘላ እዛ ጋንታ፡ ኣብ መውዓእታ እቲ ሊግ ተሰሪዓ ትርከብ። ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ'ውን ኣብ ሕማቕ ኣቃውማ ኣላ - ካብ ኣርባዕተ ናይ ምድብ ግጥማት ኣብ ሰለስተ ተሳዒራ ኣብ ሓንቲ ማዕረ ወጺኣ።

በዚ ከኣ እዛ ጋንታ ትማሊ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ፡ “ዩንዮን በርሊንን ዓላሚኣ ዩርስ ፊሸርን ተፈላልዮም ኣለው። እዚ ሓባራዊ ውሳኔ ከኣ፡ ፕረዚደንት እዛ ጋንታን ፊሸርን ሰሉይ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ድሕሪ ዝገበርዎ ውልቃዊ ርክብ ዝተወሰደ እዩ።” ክትብል፡ ምፍልላዮም ወግዓዊ ገይራ ኣላ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

መጻረዪ ግጥማት ዩሮ 2024

ኣዘርባጃን - ሽወደን 8:00 ድ.ቀ

ቆጵሮስ - ኢስጳኛ 8:00 ድ.ቀ

ሌችስታይን - ፖርቱጋል 10:45 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃ

## ሩስያ፡ ክኢላታት ሕክምና ናብ ቡርኪናፋሶ ልኢኻ

ኣብ ቡርኪናፋሶ፡ ብመንከስቲ ጣንጡ ብዝመሓላለፍ፡ ሕማም 'ደንጊ' ሂውዩም ናይ ዝሰኣኑ ሰባት ቀጽሪ እናዘረ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ሩስያ ኣብ ምክልኻል እቲ ሕማም ዝሰጥፉ ሓያሎ ክኢላታት ሕክምና ናብታ ሃገር ከምዝለኣኸት ገሊጹ፡፡

እዞም ተላኢኾም ዘለዉ ሩስያውያን ክኢላታት ሱፐቫይረስ፡ ኣብ ምግታእ ናይቲ ኣብ ቡርኪናፋሶ ዘስፋሕፍሕ ዘሎ ተላባዒ ሕማም፡ ዓቢ ኣበርክቶ ክገብሩ እምነት ከምዘለዎ ሚኒስትሪ ጥዕና ሩስያ ሓቢሩ፡፡

ሰብ ሞያ ሕክምና ቡርኪናፋሶ ምስ ጉጅለ ክኢላታት ሩስያ ብምትሕብባር፡ ነቲ ኣብታ ሃገር ኣሻቓሊ ኮይኑ ዘሎ ሕማም ደንጊ ብቐልጡፍ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ብዕቱብ ከምዝሰርሓሉ



ሚኒስተር ጥዕና ቡርኪናፋሶ ሮበርት ካርጎጅ፡ ሓቢሩ፡፡

ሰበ-መዚ ጥዕና ቡርኪናፋሶ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝዘርግሕዎ ጸብጻብ፡ ኣብታ ሃገር ልዕሊ 200 ሰባት ብሕማም 'ደንጊ' ከምዝሞቱ ኣፍሊጦም፡፡

ብዘውሳኺ፡ ኣብታ ምዕራባዊት ሃገር፡ ኣስታት 50 ሽሕ ሰባት በቲ ተላባዒ ሕማም ተለኺፎም ከምዘለዉ'ዩ ዝጥቀስ ዘሎ፡፡

ረሲ 'ደንጊ' ኣብ እኩብ ሰብ ቅልጡፍ ናይ ምልባዕ ባህሪ ከምዘለዎ ዝሕብሩ ክኢላታት፡ በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ርሕቀቶም ክሕልዉ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣገንዚቦም፡፡

ሕማም 'ደንጊ' ብዘውሳኺ፡ ካብቶም ብመንከስቲ ጣንጡ ዝመሓላለፉ ከም ዓሶ ዝኣመሰሉ ተመሳሰልቲ ሕማማት፡ ቅልጡፍ ናይ ምልባዕ ባህሪ ስለ ዘለዎ፡ ዜጋታት ኣቓዲሞም ጥንቃቐታቶም ክሕልዩ ክኢላታት ሕክምና ቡርኪና-ፋሶ ጸዊዖም፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ሩስያን ቡርኪናፋሶን እናዓበየ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ሚኒስተር ጸዓት ቡርኪናፋሶ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ ሞስኮ ተጓዒዙ፡ ምስ ሩስያዊ መዘናኡ፡ ኣብ ዞባ ሳሕል ኒኩሊሳዊ መመንጨዊ ጸዓት ንምህናጽ ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐ እዩ ዝሕበር፡፡

እቲ እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ክልተኣዊ ዝምድና ሩስያን ቡርኪናፋሶን ንሃገራት ምዕራብ ከቖጥዕን ከምዝኽእል ዝተፈላለዩ ወገናት ይእምቱ፡፡

## እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝዓበየ ሆስፒታል ቓዛ መጥቃዕቲ ኣካዪዳ

ወተሃደራት እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝርከብ ዝዓበየ ሆስፒታል 'ኣልሸፋእ' ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከምዝኸፈቱ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን፡፡

ወተሃደራት እስራኤል ብዓበይቲ ታንክታት ተሰንዮም ናብቲ ኣብ ሆስፒታል 'ኣልሸፋእ' ቀዳማይ ረድኤት ዝሁብ ህንጻ ከምዝኣተዉ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ገሊጸም፡፡

በቲ ትማሊ ረቡዕ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ዛጊት ቀጽሮም ዘይተነጸረ ኣብቲ ሆስፒታል ተዓቒቦም ዝነበሩ ብዙሓት ፍልስጤማውያን ከምእተቐትሉ እዩ ዝጋዋሕ ዘሎ፡፡

እስራኤል ነቲ ሆስፒታል ዝወረረትሉ




ምኽንያት፡ ዕጡቓት ሓማስ ከም መዓስከርን መሕብኢን ይጥቀሙሉ ኣለዉ ብዝብል እዩ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከምዘእተወቶ ድማ ኣፍሊጣ፡፡

እንተኾነ ሓማስ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሆስፒታል 'ኣልሸፋእ' ዘካየደቶ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ናይ ኩናት ገበን እዩ ብምባል ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ከሲሱ፡፡

ሓያሎ ሃገራትን ውድባትን እውን ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሆስፒታል ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ዘይሰብኣዊን ናይ ኩናት ገበን ምዃኑን ብምጥቃስ ኮኒነኦ፡፡

ካብ 7 ጥቅምቲ ጀሚሩ ኣብ ዝቐጸለ ዘሎ ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን፡ ብወገን ፍልስጤም ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም፡ ኣስታት 12 ሽሕ ሰባት ከምእተቐትሉ ጸብጻባት ይጠቕሱ፡፡

## ብራዚል ብብርቱዕ ሙቐት ትልብለብ

ኣብ ከተማ ሪዮ ዲ ጀኔሮን ከባቢኣን፡ መጠን ሙቐት 52.5 ዲግሪ ሰንቲግሬድ በጺሑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ብራዚል ህጹጽ ናይ ምንቅስቓስ ሓደጋ መጠንቀቕታ ከምዘውጸአት ተቓሊሑ፡፡

ኣብ ብራዚል ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ታሪኽ ዘለዓለ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ኣስታት 3000 ከተማታት ናይታ ሃገር፡ ሰባት ኣብ እዋን ጸሓይ ከይንቀሳቐሱ ዘጠንቅቕ ኣዋጅ ተዘርጊሑ ኣሎ፡፡

በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ዓቕሉ ዝሓለፈ ሙቐት፡ መንበሮ ናይ ልዕሊ 100 ሚልዮን ህዝቢ ብኣሉታ ተጸልዩ ከምዘሎ ዝገለጹ ሰበ-መዚ እታ ሃገር፡ እቲ ልዑል ሙቐት ክሳብ ጽባሕ ዓርቢ ክቕጽል ከምዝኽእል ኣሚቶም፡፡



ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለም ልዕሊ ንቡር መጠን ሙቐት ይምዝገብ ከምዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት ኣከቢ፡ ሃገራት ኣብ ምጉዳል ሓምላይ ጋዛት ዕቱብ ስጉምቲ ክሳብ ዘይወሰዳ እቲ ልዑል ሙቐት ክጎድል ከምዘይኽእል ኣጠንቂቖም፡፡

ዓለም 'ኤልኒኖ' ብዝተሰምየ ዘይምዕሩይ ኩነታት ኣየር ተጠቒዓትሉ ኣብ ዘላ እዋን፡ ብርቱዕ ዝናብ፡ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ህቦብላዊ ንፋስን ብርቱዕ ሙቐትን ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት፡ ብዘኸፍአ መልክዑ ይኽሰት ከምዘሎ ክኢላታት ይሕብሩ፡፡

ብሰንኪ ምምዝባል ክሊማ፡ ኣብ ዓለም ብብርቱዕ ማዕበላዊ ዋዒ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቀጽሪ እናወሰኸ ክመጽእ ከምዝኽእል እዮም ክኢላታት ዘገንዘቡ፡፡

እቲ ብርቱዕ ማዕበላዊ ዋዒ ዘስዕቦ ደርቂ ንሚልዮናት ሰባት ኣብ ሓደጋ ጥምየት ከምዘውድቖ እውን እቶም ክኢላታት የረድኡ፡፡

## ሰሜን ኮርያ- ባለስቲካዊ ሚሳይል ዘውንጭፍ ሓዲሽ መንኮርኮር ፈቲና



ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ምውንጫፍ ባለስቲካዊ ሚሳይል ዝሕግዝ ሓዲሽ መንኮርኮር ብዓወት ከምዝፈተነት ሓቢራ፡፡

እዚ ናይ ማእከላይ ርሕቀት ባለስቲክ ሚሳይል ንምውንጫፍ ዝሕግዝ መንኮርኮር፡ ኣብ ምጉልባት ዓቕሚ ምክልኻል ናይታ ሃገር ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ዝሓበሩ ሰበ-መዚ ሰሜን-ኮርያ፡ ልኡላውነት ናይ'ታ ሃገር ኣብ ምውሓስ ዓቢ ተራ ከምዘጻወት ገሊጾም፡፡


ኣመሪካ ኒኩሊሳዊ ኣጽዋር ዝጾዓት መርከብ ትሕተ-ባሕሪን ዓርሞሽሽ ነፈርቲን ናብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ልኢኻ ኣብ ዘላትሉ እዋን፡ ሰሜን ኮርያ ሓዲሽ ፈተነ ኒኩሌር ከተካይድ ከምእትኽእል እያ ተጠንቂቓ ዘላ፡፡

ሰሜን ኮርያ ብኣመሪካን መተሓባበርታን ኣብ ልዕሊኣ ክኽፈት ካብ ዝኽእል ወራር ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከምዘለዋ ቀጻሊ እያ እተነጽር፡፡

## ኣብ ዋይት ሃውስ ናይ ዝተረኸበ ዕጸ-ፋርስ ኣሳእል ተዘርጊሑ

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣመሪካ (ዋይት ሃውስ) ናይ ዝተረኸበ፡ 'ኮኬይን' ዝዓይነቱ ዕጸ-ፋርስ/ ሓሽሽ ኣሳእል - ንፈለማ እዋን ኣብ ጋዜጣ 'ደይሊ መይል' ከምእተዘርግሐ ተሓቢሩ፡፡

እቲ ብሕጊ ውጉዝ ዝኾነ ዓይነት ሓሽሽ፡ ኣብቲ ሰራሕተኛታት ናይቲ ቤተ-መንግስቲ ጥራሕ ዝንቀሳቐስሉ ክፍሊ ከምእተረኽበ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ኣብ ዝኾነ መራኸቢ ብዙሓን ናቱ ስእሊ ከምዘይተዘርግሐ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ክሕብሩ



ጸኒሖም፡፡

እቲ ዕጸ-ፋርስ ናብቲ ክፍሊ መን ሒዝዎ ከምዝመጽአ ንምፍላጥ ጽዑቕ መርመራታት ይካየድ ከምዘሎ እዩ ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ዝሕበር፡፡

እቲ ዛጊት መን ከምዝቐመጦ ዘይተፈልጠ ብዝሒ ዘለዎ ዕጸ-ፋርስ፡ ኣብቲ ዝተረኽበሉ መዓልቲ፡ ፕረዚደንት ባይደን ምስ በዓልቲ ቤቱ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ከምዘይነበረ ምንጭታት ናይ'ቲ ከባቢ ይጠቕሱ፡፡

ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ዛጊት መርመራታት ንምኽያድ ዝሕግዞ ኣሰራት ከምዘይረኸበ እዩ ዝሕበር ዘሎ፡፡

ስለዚ እምበኣር፡ እዚ ሕጂ ብጋዜጣ 'ደይሊ መይል' ተዘርጊሑ ዘሎ ናይ ፈለማ ኣሳእል፡ ሓዲሽ መርትዖታት ክምጽእ ከምዝኽእል ተስፋ ተገቢሩሉ ኣሎ፡፡

ኣብታ ዕጸ-ፋርስ ዝተረኸበላ ክፍሊ፡ ዝኾነ ናይ ምክትታል ካሜራ ብዘይምንባሩ፡ ነቲ ዝካየድ ዘሎ መርመራታት ኣዝዩ ከምዘደናኽዮን መርትዖታት ክርከብ ከምዘይከኣለን እዩ ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ክገልጽ ጸኒሑ፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውሊዕ | 16/11/2023 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565